# ኩምራ ሓቅታት

...ዕለታዊ ንባብ ጸሎት

*Chris Oyakhilome*

LoveWorld Publishing

ኣብዚ ዝተጠቐሱ ኩሎም ጥቕስታት ካብ ትግርኛ መጽሓፍ ቅዱስን ሓድሽ ትርጉም ናይ ትግርኛ መጽሓፍ ቅዱስን ዝተወሰዱ እዮም፣

እቲ ካብ ሓድሽ ትርጉም ዝተወሰደ ጥቕስታት ሓ.ት ኢሉ ተጠቒሱ ኣሎ፣

ኩምራ ሓቕታት ...ዕለታዊ ንባብ ጸሎት
ISSN 1596-6984
ለካቲት 2018 Eእተዳለወ
Copyright © 2018 by LoveWorld Publishing

---

ንተወሳኺ ሓበሬታን ክትእዝዙ ምስእትደልዩ።

ዓዲ እንግሊዝ::
Believers' LoveWorld
Unit C2, Thames View Business
Centre, Barlow Way Rainham-Essex,
RM13 8BT.
Tel.: +44 (0)1708 556 604
Fax.: +44(0)2081 816 290

ሕ.መ.ኣመሪካ:
Believers' LoveWorld
4237 Raleigh Street
Charlotte, NC 28213
Tel: +1 980-219-5150

ካናዳ:
600 Clayson Road North York Toronto
M9M 2H2 Canada.
Tel/Fax:+1-416-746 5080

ናይጀሪያ:
Christ Embassy
Plot 97, Durumi District, Abuja, Nigeria.

LoveWorld Conference Center
Kudirat Abiola Way, Oregun
P.O. Box 13563 Ikeja, Lagos
Tel.: +234-812-340-6547
+234-812-340-6791

ደቡብ ኣፍሪቃ:
303 Pretoria Avenue
Cnr. Harley and Braam Fischer,
Randburg, Gauteng
South Africa.
Tel.:+27 11 326 0971
+27 62 068 2821
Fax.:+27 113260972

ሕ.መ.ኣመሪካ:
Christ Embassy Houston,
8623 Hemlock Hill Drive
Houston, Texas. 77083
Tel.: +1-281-759-5111;
+1-281-759-6218

ካናዳ:
Christ Embassy Int'l Office,
50 Weybright Court, Unit 43B
Toronto, ON MIS 5A8
Tel.:+1 647-341-9091

***www.rhapsodyofrealities.org***
***email: info@rhapsodyofrealities.org***

---

ኣብ ትሕቲ ዓለም ለኻዊ ሕጊ መሰል ምቕዳሕ: መሰሉ ዝተዓቀበ እዩ፣ ብከፊል ይኹን ብዝኾነ መልክዕ ናይዚ ትሕዝቶ ወይ ናይ ገበር ብዘይ ናይ ፍቓድ ጽሑፍ ላቭ ዎርልድ ሕትመት ከይባዛሕ ክልኩል እዩ፣

# መእተዊ

ሕታም 2018 ዕለታዊ ንባብ ጸሎት ኩምራ ሓቅታት ብኣዝዩ ዉቁቡን ሰራዒን መልክዕ ንመንፈሳዊ ዕቤትካ ብዘሀብትምን ዘማዕብልን ኣገባብ ተሓቲሙ ኣሎ፣ ብተወሳኺ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ መለኮታዊ ህላወ ኣምላኽ ብንቕሓት እናተጐዓዝካ። እዞም ሓበሬታን ምግላጽን ዘለዎም ዓንቀጻት እምነትካ ኣብ ቃል ኣምላኽ ከተዕቢ ዝሕግዘካ ትሕዝቶ ኣለዎም፣ ቃል ኣምላኽ ከትጽንዖን ከተስተንትኖን ደጊምካ ክትብሎን ኩለኻ ወትር ክትሕደስ ኢኻ፣

ንዝለዓለ ጽልዋ ብኸመይ ኢና ነዚ መዓልታዊ ንባብ ጸሎት እዚ ንጥቀመሉ፣

- ነፍሲ ወከፍ ዓንቀጽ ተጠንቂቕካ ኣንብቦን ብሉ ኣስተንትንን፣ ነቲ ጸሎትን ቃለ-ምእማንን ወትሩ ዓዉ ኢልካ ንነፍስኻ ክትዛረብ ኩለካ። ውጽኢት እቲ ኣብ ህይወትካ ክኸዉን ኢልካ እትዛረቦ ቃል ኣምላኽ የርእየካ፣

- በቲ ናይ ሓደ ወይ ክልተ ዓመት መደብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ መላእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብቦ፣

- ነቲ መዓልታዊ ክፍሊ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ክልተ ማለት ናይ ንግሆን ድሕሪ ቀትርን ጌርካ ተንብብ ትኽእል፣

- ነቲ መዓልታዊ ናይ ጸሎት ንባብ። ብጸሎት መሊእካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ክትበጽሖም ዝደለኻ መደባት እናጸሓፍካ ተጠቐመሉ። ደሓር መደባትካ ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ እናተፈጸመ ክኸይድ ከሎ ዓወትካ ምዘን ወይ ርአ፣

መዓልታዊ ዓቐን(ዶስ) ቃል ኣምላኽ ክትወስድ ኩለኻ። እዚ ምሉእ ዓመት ብክቡር ህላወ ኣምላኽን። ዓወትን ባህ ክብለካ ንዕድመካ፣ ነፍቅረኹም! ኣምላኽ ይባርኽኩም!

*-Pastor Chris Oyakhilome*

# ዉልቃዊ ሓበሬታ

ስም

ኣድራሻ ናይ መንበሪ

ቁ.ተሌፎን ናይ መንበሪ

ቁጽሪ ሞባይል

ኢመይል

ኣድራሻ ናይ ስራሕ

ሸቶታት ናይዚ ወርሒ’ዚ

# ኩምራ ሓቅታት

...ዕለታዊ ንባብ ጸሎት

www.rhapsodyofrealities.org

ሓሙስ

1



# ንኸይትውቀስ ዝተሓረኻ

አቲ ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ ጌሩ ኣብ ሰማያት ዝባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጎይታናን የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን። ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቕድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዜብሎምን ምእንቲ ክንከውን፡ ቅድሚ ምምስራት ዓለም ብኡኡ ዝሓረየና (ኤፌ 1፡3-4)

ሓድሽ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኻን ዓቢ ባርኾት አዩ። አንተወሓደ ኣዝዩ ዝበለጸ ነገር አዩ ክንብል ንኽእል። ሓደ ካብኡ ድማ ንስኻ ንኸይትውቀስ ብክርስቶስ ዝተሓረኻ ኢኻ። ነገራት ብጌጋ አንተ ተበላሸዉ ስድራኻ፡ መሓዙትካ፡ ሕብረተሰብ፡ መሳርሕትኻ፡ ጎረባብትኻ ወላ ውን ደቅኻ ይወቅሱኻ ይኾኑ፡ ሓደ ግን ኣሎ ፈጺሙ ዘይወቅሰካ፡ ንሱ ከኣ አቲ ሰማያዊ ኣቦ አዩ።

ንሱኸ አንታይ ኮይኑ አዩ ዘይወቅሰካ ዘሎ? የሱስ ንኹሉ ጌጋና ሓንሳብ ሓላፍነት ወሲዱሉ አዩ፡ ሕጂ ድማ ናብ ኣቦ ብዘይ ዝኾነ ወቀሳን ብዘይ ዝኾነ ዘለፋን ከም ቁዱስ ኣቕሪቡካ አዩ። ኣብ እብ 3፡1 ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይብል “ስለዚ ኸኣ ኣቱም ካብቲ ሰማያዊ ጽወዓ ግደ ዘለኩም ቁዱሳን ኣሕዋተይ፡ ከምቲ ሙሴ ድማ ኣብ ኩላ ቤቱ አሙን ዝነበረ፡ ናብቲ ነቲ ዝሸሞ አሙን ዝኾነ የሱስ፡ ናይ ምእማንና ሃዋርያን ሊቀ ካህናትን ኣቕልቡ።” ኣብዚ ቃል ቁዱሳት ኣሕዋተይ ኣሉ አዩ ዝጽውዓና፡ ሰብ ቁዱስ ከም ዘይኮንካ ጌሩ ይጥምተካ ይኸውን፡ ኣምላኽ ግን ብፍቅሪ ቅቡልን ቁዱስን ኢኻ ይብል።

በዚ ምኽንያት ኢና ድማ ናብ ኣምላኽ ጸሎት ንገብርን መልሲ ናይ ጸሎትና ንጽበን። ነቲ ተስፋ ዘይብሉ ክነታትና ክንቅይሮ ንኽእል፡ ኣብቲ ህላወ አቲ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ መሰል ናይ ተሰማዕነት ኣለና። መጽሓፍ ቁዱስ ሓደ ንጹር ነገር ብዛዕባ ኣምላኽ ይነግረና፡ 2ቆሮ 5፡19 “ ማለት ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ ኣሞ፡ በደሎም ኣይሓዘሎምን፡ ኣባና ከአ ቃል ዕርቂ ኣንበረ።” አስከ ኣዚ ሕሰበሉ፡ አቲ ሓጣቴኛ ብሰንኪ የሱስ ሓጥያቱ አንተዘይተቆጽረሉስ፡ ንስኻ አቲ ሕጂ ኣብ

ክርስቶስ ዘለኻ'ከ ደኣ? (ሮሜ 5፡10 ተዓዘብ).

ቆሌ 1፡21-22 ንደስታ ብዓውታ ጨድር ይብል! " ንስኻትኩም ቀደም ፍሉያት ብሓሳብኩም ብኽፍእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም፡ ካብቲ ዝሰማዕክሞዎ ተስፋ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ንሰማይ ንዘሎ ኹሉ ፍጡር ኣተሰብከ ወንጌል ኣነ ጳውሎስ ዘገልጋሊኡ፡ ከይተናቀነቅኩም ተሰሪትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት እንተ ጸናዕኩምሲ፡ ኣበርን ነቀፋን ዘይብሎም ቁዱሳን ጌሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ኪቆመኩም፡ ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓርረቀኩም።" ኣብዚ ዝገበረልና ምኽንያት ዕርቂ ተዓዘብ፡ ናብ ቅድስና ናብ ፍቅሪ ኣምላኽ ብዘይ ነቀፌታ ኣምጽዩካ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ወቐሳ የብልካን።

ካልኦት እንተ ወቀሱኻ፡ ሰይጣን ውን እንተ ከሰሰካ ብዘየገድስ ኣምላኽ ብቅድስናን ብዘይ ዝኾነ ወቀሳን ብፍቅሪ ሓርዩካ እዩ። ብሓሳባቱ ንነብስኻ ሎሚ ኣሕይሎ።

## ጸሎት

ክቡር ሰማያዊ ኣቦ፡ ስለ እቲ ፍቅሪ፡ ጸጋ፡ ጽድቅን ቅንዕናን ኣብ ዉሽጠይ ዝሰርሕ ዘሎ ተመስገን። ኣብ ቅድሜኻ ብፍቅሪ ናብ ቅድስና ብዘይ ዝኾነ ወቀሳ ስለዝሓረኻኒ ተመስገን። ሎሚ ኣብ ጥበብ ይጎዓዝ ኣለኹ። ቅኑዕ ስራሕ እንዳ ኣፍርኹ ድሌታትካ ኣማላእኩ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማቴዎስ 22:15-46

ዘጽኣት 22-23

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 14:8-18

እዮብ 34-35

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ሮሜ 8:1-2; ቆሎሴ 1:21-22

ዓርቢ
2



# መብጽዓ ናይ ዘልኣለማዊ ሂወት ተፈጺሙ እዩ

በታ እቲ ዘይሕሱ ኣምላኽ ቅድሚ ዘመናት ዘልኣለም ዘተስፈዋ ተስፋ ናይ ዘልኣለም ህይወት፡ ግናኸ ብትእዛዝ ኣምላኽ በቲ ንኣይ ሕድሪ ዝሃበኒ ስብከት ጌሩ ብዚዜኡ ንቃሉ ገለጾ፡
(ቲቶስ 1:2-3)

ገለ ገለ ክርስትያን ንናይ ዘልኣለማዊ ሂወት ከም መብጽዓ ናይ ክርስቶስ ይእምትዎ፡ ከም ሓደ ምቁር ገና ዝመጽእ ይሓስብዎ። ልክዕ እዩ፡ ግን ቅድሚ ምምስራት ዓለም ዝንበረ መብጽዓ እዩ። ሕጂ ግን እቲ መብጽዓ ተፈጺሙ እዩ። ናይ ኣምላኽ መደብ ንሰብ ብወንጌላዊ ስብከት ናይ ዘልኣለም ሂወት ምሃብ እዩ ነሩ። ወንጌል ክትሰምዕ ከለኻ ዕድል ናይ ዘልኣለም ሂወትን እምነትን ተዋሂቡካ ኣሎ።

ዮው 3፡6 "ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዚኣምን ኩሉ ናይ ዘላኣለም ሂወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእ እሲ ን ወዱ በጃ ክሳብ ዝህብ ክሳብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።" ብየሱስ እንተ ኣመንካ ናይ ዘልኣለም ሂወት ኣለካ። የሱስ ኣብ ዮው 5፡26 ከምዚ ይብል። "ነቦ ብርእሱ ሂወት ከምዘላቶ ንወዱ ውን ከምኡ ብርእሱ ክትህልዎ ሂወት ሃቦ" ዮውሃንስ ከምዚ ዝስዕብ ይነግረና "ኣምላክ ናይ ዘላኣለም ሂወት ከምዝሃበና እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ሂወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ። እቲ ወዱ ዘለዎ ሂወት ኣላቶ ወዲ ኣምላኽ ዘይብሉ ሂወት የብሉን" (1 ዮው 5፡11-12)

ኣብዚ ላዕሊ እንተኣስተውዒልኩም፡ ኣምላኽ ናይ ዘልኣለም ሂወት ክህበና ዘይኮነስ፡ ኣምላኽ ናይ ዘልኣለም ሂወት ከምዝሃበና (ሕሉፍ) እዩ ዝነግር። ናይ ዘልኣለም ሂወት እዚ ሕጂ ዘለናዮ ሰዓት ዋና ናይቲ ዋና የሱስ ዘለዎ ኢዩ። "እቲ ወዱ ዘለዎ ሂወት ኣላቶ ወዲ ኣምላኽ ዘይብሉ ሂወት የብሉን።" ሕጂ ናይ ዘልኣለም ሂወት ኣለካ። ናይ ዘልኣለም ሂወት እንታይ እዩ?

ንቡዝሓት ሰባት ንዘላለም ዝኸይድ ሂወት ማለት እዩ፡ እዚ ግን ሓደ ክፋሉ ጥራይ እዩ። ናይ ዘልኣለም ሂወት እቲ ዝበለጸ ሂወት ኣምላኽ እዩ፡

ናይ ኣምላኽ ሂወት መለኮታዊ ባህሪ አዩ። ካብ ግሪኽ ቃል “zoe” ዝተቶርጎመ አዩ። አዚ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሂወት ኣብ ሰይጣን ዝልዓለ ይገብረካ። ብሕማም ዘይድፈር ይገብረካ፡ ዘይወድቕን ውሕሱን ከኣ ትኸውን። አቲ ባህሪ ኣምላኽን ሂወትን አዚ አዩ። ዳግማይ ምስ ተወለድካ ድም ነቲ ናይ ሰብኣዊ ሂወትካ ቀይርዎ። ሕጂ ናይ ዘልኣለም ሂወት ኣለካ። ክብሪ ንኣምላኽ!

## ጸሎት

ዝተባረኽ ኣምላኽ፡ ስለ አቲ ናይ ዘልኣለም ሂወት ኣብ መንፈስይ ተመስገን፡ ተራ ሰብ ኣይኮንኩን፡ መለኮት ኣባይ ይሰርሕ ኣሎ። መለኮታዊ ሂወት ኣብ ህላውነትይ ይውሕዝ ኣሎ! ከምቲ ኣቦ ሂወት ኣብ ርእሱ ዘለዎ፡ ኣነ ውን ሂወት ኣለኒ። ከምቲ የሱስ ካብ ኣምላኽ ዝኮነ ኣነ ከኣ ካብ ኣምላኽ አየ። ኣምላኽ ዝተባረኽ ይኹን!

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 23

ዘጽኣት 24-25

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 14:19-28

እዮብ 36-37

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ዮሃንስ 17:3; 1 ዮሃንስ 5:13

ቀዳም

3



# ፍቃዱ ንኽትፈልጥ ዝተሓረኻ

ብዝረኣኻዮን ብዝሰማዕካዮን ኣብ ኩሉ ሰብ ምስክር ምእንቲ ክትኮኖን፡ ፍቃዱ ክትፈልጥን ነቲ ጻድቅ ከኣ ክትርእዮን ካብ ኣፉ ውን ቃል ክት"ንሱ ኸኣ፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ሰምዕ ቅድም ሓረየካ (ግብ 22፡14)

ዳግማይ ዘይትሓደሰ ሰብ ኣብ ፍቃድ ኣምላኽ ከመይ ኢሉ ይጎዓዝ ኣይፈልጥን እዩ። ፍቃድ ኣምላኽን ብኸመይ መንገዲ ይፍጸምን ንዑኡ ውን ተኣምራታዊ፡ 1ቆሮ 2፡14 ከምዚ ይስዕብ ይነግር “እቲ ስጋዊ ሰብ ነቲ ኣብ መንፈስ ኣምላኽ ዘሎ ኣይቅበሎን፡ ብመንፈስ ዝምርመር ስለዝኾነ ንዑኡ ዕሽነት እዩ እሞ ክስተውዕሎ ኣይከኣሎን እዩ” እዚ ግን ንዕኻ ኣይኮነን፡ ንስኻ ዳግማይ ተወሊድካ ኢኻ። የሱስ ድማ በሎም ምፍላጥ ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ንስኻትኩም እዩ ዝተዋህበ፡ (ማር 4፡11 ሉቃ 8፡10) ፍቃድ ኣምላኽ ክትፈልጥ ተሓሪኻ ኢኻ፡ ውርሻና ካብ ክርስቶ እዩ።

እዚ ማለት ከኣ ኣብ ሂወትካ ምጥርጣርን ዘይተኣማኒናትን ክህሉ የብሉን ማለት እዩ። ኩሉ ግዜ በቲ ሙሉእ ፍቃድ ኣምላኽ ክትጎዓዝ ኢኻ። ገለ ገለ ክርስትያን ኣብ ፍቃድ ኣምላኽ ክፈልጥሉ ዘይክእሉ ኩነታት ይጸንሑ እሞ ምውሳን ስኢኖም እንታይ ከም ዝግብሩ ይጠፍኦም። ሂወትካ ግን ከምዚ ክኸውን የብሉን።

ኣብ ቆሌ 1:9 ሓደ ሃናጺ ነገር ነንብብ፡ ክርስትያን ኣብ ቆሎ፡ ኣብ ግዜ ሃዋርያ ጳውሎስ ገና ህጻውንቲ እዮም ነሮም። ጳውሎስን ጢሞትዎስን ድማ ብፍልጠት ፍቃድ ኣምላኽ ክመልኡ ስለኦም ጸለዩ። “ስለዚ ንሕና ኸኣ ካብታ ዝሰማዕናላ መዓልቲ ጀሚርና በቲ ፍልጠት ፍቃዱ ብኹሉ መንፈሳዊ ጥበብን ኣእምሮን ኪመልኣኩም፡ ምእንታኹም ጸሎትን ልማኖን ኣየብኮርናን” ንሳንቶም ንባዕሎም ብፍልጠትንፍቃድ ኣምላኽ እንተዘይመልኡስ ንናይ ቆሌሴ ክርስትያን ብፍልጠት ፍቅዱ ንኽመልኡ ኣይምጸለዩን ነሮም።

እዚ ሓደ ካብቲ ምኽንያት ንቃል ኣምላኽ ነስተንትኖን ሕብረትና ምስ መንፈስ ቁዱስ ንገብሮን እዩ። ኣምላኽን ቃሉን ሓደ እዮም፡ ኣብ ቃሉ ድማ

ፍቃዱ ይግለጽ። ብተወሳኺ ቃል ኣምላኽ ጥበብ ኣምላኽ አዩ፡ ጥበብ ከኣ ብፍቃድ ኣምላኽ ምጎዓዝ አዩ። አቲ ቃል አንተ ፈሊጥካዮ ኣብ ዕግርግር ኣይክትጎዓዝን ኢኻ።

ኤፊ 1፡9 ኣምላኽ ምስጢር ፍቃዱ ክንፈልጥ ከምዝገበረና ይነግር፡ ንስለ አቲ ሰናይ ድለቱ ንባዕሉ ከምዘዳለዎ ይነግር። ሕጂ ውን ንነብስካ ከምዚ አልካ ንገራ፡ “ ኣነ ፍቃድ ኣምላኽ ክፈልጥ ዝተሓረኹ አየ፡ ንምስጢራትን ተኣምራትን መንግስቲ ኣምላኽ ብርሃን ኣለኒ። ሃሌ ሉያ!

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ፍቃድካ ንክፈልጥ ስለዝሓረኻኒ የመስግነካ ኣለኩ። ሕብረተይ ምስ መንፈስ ቁዱስን ቃልካን ከስተንትን ፍቃድካ ኣብ መንፈሰይ ክፉት አዩ። መንፈሰይ ንቁሕ አዩ፡ ንምስጢርን ተኣምራትን ብርሃን ኣለኒ። ኣብ ዝኸድክዎ ጽድቂ ንኽገልጽ ጥበብካ ይመርሓኒ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 24:1-35

ዘጽኣት 26-27

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 15:1-11

እዮብ 38-39

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

1 ቆረንቶስ 2:9-10; ቆሎሴ 1:9-10

ሰንበት
4



# ባርኾት ናይ ምስማዕ ኣምላኽ

አንሆ ከምቲ ዘረባካ ዝገበርኩልካ፡ አንሆ፡ ብቅድሜኻ ከማኻ ዝበለ ዘይነበረ ብድሕሬኻ ውን ከማኻ ዝበለ ዘይትንስእ፡ ብልህን ምስተውዓልን ልቢ ሂበካ ኣለኹ (1ነገ 3፡12)

ኣምላኽና ኣደናቂ እዩ። ኣዝዩ ዓብይን ሓያልን እዩ። ቃሉ ዘይውዳእን ኣባኻ ኣፍራይን እዩ፡ ንዓኻ ዝኾነ መልእኽቲ ይሰከም አቲ ዝዛረበካን ዝብለካን ዘበለ ኩሉ ይኸውን። በዚ አዩ ድማ ንኣምላኽ ምስማዕን ቃሉ ምቅባልን ባርኾት ዝኾነ። ንሱ ዝበሎ ይኸውን፡ ኣብ ሂወትካ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኣብ ዝኾነ ኩነታትን አቲ ዘድልየካ ነገር ቃሉ እዩ።

ንኣብነት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ጊብዖን፡ ጎይታ ንሰለሙን ብለይቲ ብሕልሚ ተርኣዮ አሞ ሓደ ሕቶ ድማ ሓተቶ። ከምጺ አሉ ድማ ሓተቶ፡ አንታይ ትደሊ? ሰለሙን ድማ ጥበብን ምስትውዓልን ሓተተ። (1ነገ 3፡8-9)። ኣምላኽ ናብ ገነት መልኣኽ ልኢኹ ኣይኮነን ኣብ ናይ ሰሎሙን ሓንጎል ጥበብ ዘቀምጠ። ንሰሎሙን መስተውዕሊ ክኸውን ዝብላዕ ወይ ዝስተ ኣይኮነን ሂብዎ፡ አንታይ ደኣ ጌሩ?

ኩሉ ዝበሎስ፡ "ሰሎሙን ተዋሂቡካ አዩ!" ኣብ መአተዊ ከኣ ነዚ ነንብብ። ልክዕ ኣብታ ኣምላኽ ቃሉ ዝተዛረበላ፡ ሰሎሙን ኣምላኽ ዝበሎ ኾነ። ባርኾት ምስማዕ ኣምላኽ! ምስ ኣብቲ ግዜ "ኣብራም" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ኣብርሃም ውን ልክዕ ከምዚ ገበረ። ኣምላኽ ከምዚ በሎ፡ "ኣቦ ብዙሓት ጌረካ አየ አሞ ፡ ኣብራሃም ደኣ አምበር ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጽዋዕን። (ዘፍ 17፡5)

ኣብራሃም ሰበይቱ መኻን ስለዝነብረት ደቂ ኣይነበሮን። ኣምላኽ ከኣ ከምዚ በሎ፡ ኣቦ ብዙሓት ህዝቢ ክገብረካ አየ ዘይኮነስ " ሽምካ ሕጂ ኣብራሃም አዩ፡ ኣቦ ብዙሓት ጌረካ አየ"፡ ኣምላኽ መዓስ ኣቦ ብዝሓት ጌርዎ? ኣብታ ኣምላኽ ቃሉ ዘውጻላን ሽሙ ዝቀየረላን ግዜ ተፈጸመ!

ሮሜ 4፡19-20 ኣንብብ፡ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝተዛረቦ ክምስክር ምስ

ጀመረ፡ ሳራ ብእምነት ሓይሊ ረኸበት። (እብ 11፡11) ብኸምዚ ድማ አዩ ዝሰርሕ። ኣምላኽ አንተ ተዛሪቡ ዝበሎ ይኸውን። በታ ዝመለስካላ ግዜ ድማ ይኸውን።

## ንስሓ

ካብቲ ዘይዓኑ ቃል ኣምላኽ ዝተወለድኩ አዩ። ቃል ኣምላክ ኣብ ሂወተይ ስለ ዘሎ ዘይሰዓርን ዘይወድቅን አየ። በቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ብኹሉ ዝሓየልኩን ዝደልደልኩን አየ። ስለዚ በቲ ዘሐየለኒ ክርስቶስ ኩሉ ክገብር ይኸእል አየ። ሃሌ ሉያ!

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማቴዎስ 24:36-51

ዘጽኣት 28

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 15:12-21

እዮብ 40-41

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ምሳሌ 4:10; ምሳሌ 4:20-22; ኢሳያስ 55:10-11

ሰኑይ

5



# ሕብረት ፍቅሪ

የሱስ ከኣ ዘፍቅረኒ እንተ ኣሎ ቃለይ ይሕሉ ኢዩ፡ ኣቦይ ድማ የፍቅሮ፡ ናብኡ ውን ንመጽእ ኣብኡ ከኣ ማሕደር ክንገብር ኢና (ዮው 14፡23)

ኣብዚ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ፍቅዲ " ዘፍቅረኒ እንተ ኣሎ ቃለይ ይሕሉ ኢዩ፡ ኣቦይ ድማ የፍቅሮ" ኢዚ ሓደ ሕቶ ኢዩ ዘርእየና፡ ኣቦ ንኹሉ'ዶ ኣይኮነን ዘፍቅር? ዮው 3፡16 ከምዚ ይብል "ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘልኣለም ሂወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።"

ነቲ ቃለይ ዝሕሉ ኣቦይ የፍቅሮ ክብል ከሎ፡ በቲ ጠቅላላ ፍቅሪ ኣምላኽ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። በቲ ፍቅሪ ዘፍሪ ሕብረት ኢዩ ዝዛረብ። ንኣቦ ተፍቅሮ እንተ ኮንካ ይምልከተካን ፍሉይ ሕብረት ምሳኻ ይህልዎን። ብምግዳድ ወይ ብሃይማኖት ኣይኮንካን ከተምልኾ ዘለካ። ዓቢ ፍቅሪ ንጎይታ እንተ ኣለካ፣ ከምዚ ይብል "ንሕና (ኣቦን ወድን) ናብኡ ክንመጽኣ ኢና፡ ሰፈርና ድማ ምስኡ ይከውን።"

ከምዚ ክብል ከሎ ምብጻሕ ጥራይ ማለቱ ኣይኮነን። ዋና መኣዘዚ ኣብ ውሽጥኻን ምሳኻን ክገብር ማለት ኢዩ። ኢዚ ቅድሚ ነዊሕ ዓመት ዝዳህሰስኩዎ ኢዩ፡ ኣብ መንፈሰይ ድማ ዓሙቅ ተመስጦ ገበረ። ካብታ "ሰፈርና ምስኡ ይኸውን" ትብል ሓረግ ክርሕቅ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ እንታይ ማለት ምኻኑ ስለ ዝተረድኣኒ፡ ክብሪ ዝመልእ ቁርባንን ካብ መለኮት ዘይፍለን ማለት ኢዩ፡ ንስኻ ኣብኡ ኣለኻ ንሱ ውን ኣባኻ ኣሎ፡ ንሱ መንበሪ ሰፈርካ ክኸውን ከሎ፡ ንስኻ ከኣ ዋና ቤት ጽሕፈቱ ማለት ኢዩ።

ሕብረትካ ምስ ጎይታ ብፍቅሪ፡ ኢዚ ኢዩ ከኣ ኣብ ሂወት ፍልይ ዘብለካ። ንጎይታ ብፍሉይ ስምዒት ተፍቅሮ ንዕኡ ከኣ ትደሊ። ንስለ ፍቅሩ ኣካ ትጽሊ። ትጸውም፡ ቃል ተጽንዕ፡ ኣብ መንፈሱ ትዕወትን ንኹሉ ትገብሮ ነገር ትገብርን። በዚ ምኽንያት እኻ ኣብ ኩሉ በተክርስትያናት ኣገልግሎት ትኸይድን መንፈሳዊ ነገር ትገብርን።

ናይ ኣምላኽ ዓቢ ባርኾት ኣብዚ ክፍሊ ምስ ትህሉን፡ ሕብረትካ ምስኡ

ብሕጊ ዘይኮነስ ብፍቅሪ ምስ ዝኸውን፡ በዚ ጥራይ ኢኻ ትረኽቦ።

## ንስሓ

ዝተባረኸ ኣቦ፡ ንስኻ ሂወተይን ኩሉ ዝደልዮን ኢኻ። ኣብኻ ይነበር፡ ይንቀሳቀስን ህላውነተይ ኣባኻ እዩ። ሰላመይ መዕቆቢየይን ሓይለይን ንስኻ ኢኻ። ከምቲ ኣባይ ዘላኻዮ ኣባኻ ይቅመጥ። ናይ ጽድቂ ፍረ ረኺብኩ፡ ኣብቲ ዓቢ ባርኾትካ ይጎዓዝ ኣለኹ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማቴዎስ 25:1-30

ዘጽኣት 29-30

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 15:22-31

እዮብ 42

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ዮሃንስ 15:5; 1 ቆረንቶስ 1:9; 1 ዮሃንስ 1:3

ሰሉስ

6



# የሱስ ክርስቶስ እቲ ዝነብር እንጌራ

ብኡኡ እታ ኽብርትን ዓባይን ተስፋ ዝረኸብና፡ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ዃብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺኹም፡ ተማቀልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ክትኮኑ፡ (2ጴጥ 1፡4)

ኣብ ዮው 6:32-33፡ የሱስ ን ኣይሁድ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም "ሽው የሱስ እቲ ካብ ሰማይ ዝወርድ ንዓለም ው'ን ህይወት ዝህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ እሞ፡ ነቲ እንጌራ ሓቂ ካብ ሰማይ ዝህበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፡ ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ሰማይ ዝሃበኩምሲ ሙሴ ከም ዘይኮነ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፡ በሎም።" እንደገና ኣብ ፍቅዲ 49 ነዚ ነጥቢ የነጽር፡ "ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ ማና በልዑ እሞ ሞቱ። ካብኡ ዝበልዕ ዘበለ ምእንቲ ኸይመውት፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ።" ኣብዚ ብዛዕባ ነብሱ፡ እቲ ዝነብር እንጌራ እዩ ዝዛረብ ኔሩ።

ቃል ኣምላኽ እንጌራ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ሓደ ዓይነት ሂወት ኣለና ማለት እዩ። ምኽንያቱ ንሕና ዉሉድ ቃሉ ኢና፡(1ጴጥ 1፡23)፡ ልክዕ ከምኡ ብቃል ዝተስርሐ ስጋ፡ (ዮው 1:1) ። ቆሌ1፡18 ከምዚ ይብል "ንሱ ነቲ ስጋኡ ድማ ርእሱ እዩ፡ ማለት ንምሕበር፡ ብኹሉ ነገር ቀዳማይ መንቲ ኪኸውንሲ፡ ንሱ ብመጀመርያ እዩ፡ ካብ ምዉታት ው'ን ቦኽሪ እዩ።" ሂወት ኣብ ንብሲ ምስ ሂወት ኣብ ርእሲ ሓደ እዩ። ነብስን ርእስን ሓደ ሂወት ይካፈሉ። ሂወቱ እንተተካፈልናዮ፡ ሓይሉ፡ ጸግኡ፡ ብልጽግንኡን ጥዕንኡን ንካፈል።

መሻርኽቲ ኣምላኽ ስለ ዝተባሃልና ው'ን ኣየገርምን እዩ፡ ኣብቲ መእተዊና ው'ን ከምኡ ኢና ነንብብ። 1ዮው 4፡17 ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡ "ከምቲ ንሱ ዘለዎ፡ ከምኡውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት መእንቲ ክህልወና፡ በዚ እታ ፍቅሪ ኣባና ተፈጸመት። " ስለዚ ከምቲ ንሱ ብክብሪ፡ ጽድቂ፡ ሓይሊ፡ ምልኪን ዘይውዳእ ዓውትን ዝነዓዝ ንሕና ው'ን ከምኡ ክንነዓዝ ኣለና። ናይ ሂወቱ ተካፈልቲ፡ ናይቲ ዝነብር እንጌራ፡ ናይ ሰማያዊ ጎይታ ኢና። ሃሌ ሉያ!

## ንስሓ

ኣነ ሽርካ ኣምላኽ ካብ ቃልን መንፈስ ቅዱስን ዝተወለድኩ አየ። መለኮታዊ መሰረት ኣለኒ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ አዛ ዓለምን ኣብ ልዕሊ ኩነታተይን ይነብር። ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወተይ ተመላኺ ግዙእ ኣይኮንኩን። ኣብ ውሽጠይ ዕብየትን ክብርን ይሰርሕ። ሃሌ ኡያ!

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 25:31-46

ዘጽኣት 31

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 15:32-41

መዝሙር ዳዊት 1-2

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ሉቃስ 22:19; ዮሃንስ 6:35; 1 ዮሃንስ 4:17

ረቡዕ

7



# ሓይሊ ክወሃበካ ኣይትለምን፡ ሓይሊ ከምዘለካ ኣውጅ

ምእንቲ ኣዚውን ናብቲ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ኹሉ ወለዶታት ካብኡ ዝስመ ኣቦ ብብርከይ ኣምብብርከኽ ኣለኹ። ብመንፈሱ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ብሓይሊ ምእንቲ ክትብርትዑ፡ ከምቲ ሃብቲ ክብሩ ክህበኩም እጽሊ ኣለኹ። (ኤፌ 14፡16)

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዝዩ ጽቡቅን ሓያልን ርድኢት ወንጌል ናይ የሱስ ክርስቶስ ኔርዎ። ኣብ ምእተዊ ቴማ ቅዱስ ጽሑፍና ጸሎቱ ተዓዚብ፡ ንነብሱ ዘይኮነስ ንቤተ ክርስትያን ኣፈሱስ ይጽሊ ከምዘይነበረ ኣስተውዕል። ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ዉሽጦም ብሓይሊ ክብርትዑ ጸለየ። ከምዚ ኣሉ ክጽልየሎም ከሎ ክርስትያን ኣበየናይ ደረጃ ክሰርሑ ይግብኦም ስለ ዝፈለጠ እዩ። ንሱ ኣብቲ ደረጃ እዩ ዝሰርሕ ኔሩ። ፍጰ 4፡13 ከምዚ ድማ በለ፡ “በቲ ሕይሊ ዝሃበኒ ብክርስቶስ ንኹሉ ክኽእሎ እየ።”

ከም ሓይልኻ ክትፈልጦ ትኽእል’ዶ? ዳዊት ኣብ መዝ 27፡1 “እግዚኣብሄር ብርሃነይን ምድሓነይን እዩ፡ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ፡ እግዚኣብሄር ሓይሊ ሂወተይ እዩ፡ ካብ መንከ እየ ዝስንብድ?” ከምቲ ሓይልኻ ወልሓደ ዘፍርህ የብልካን። ኣብ ኩሉ ኩነታት ኣንተ በርቲዕካ ዘይክዉንነት ይኹን ሕጽረት የብልካን።

ኩሉ ግዜ ጎይታ ሓይለይ እዩ ኣልካ መስክር፡ ኣዚ ከኣ ቓንቃ መንፈሳዊ ዕቤትካ እዩ። ንእምላኽ ሓይሊ ክህበካ ኣይትለምኖ፡ ንሱ ሓይልኻ ከም ዝኾነ ኣውጅ። ከምዚ ኣልካ ኣውጅ “ኣብ ኩሉ ዕማም ብሓይሊ ዝበርታዕኩ እየ፡ በቲ ኣብ ሓይለይ ዘሎ ክርስቶስ ኩሉ ክገብር ዝኽእል እየ።

ቅድሚ ወንጌል ምቅባልካ ድኹምን ፈራህን ኔርካ ትኸውን። ቀልጢፍካ ተስፋ ብምቁራጽ ፈተናታት ክትገጥም ኣይትኽእልን ኔርካ ትኸውን፡ ግን ምስጋና ንእምላኽ ይኹን! መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡ “ገና ድኹማት ከለና፡ ክርስቶስ ብግዚኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ።” (ሮሜ 5፡6)። ሕጂ በቲ መለኮታዊ ሓይሊ ካብ ዓሚቕ ተለዊጥካ ኢኻ። ኣብ

አምነት ዘይፈርህን ተባዕን አኻ።

ቃል ኣምላኽ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ፍቅርን ድምጺ ኣኣምሮን ተዋሂቡካ አዩ ይብል። (2ጢሞ 1፡7)፡ አዚ ከኣ መዝሙርካ ኮነ። ብዘይ ዝኾነ ፍርሒ ኩሉ ክትገብር ትኽእል አኻ። ሕጂ ውን ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዓቢ ስራሕ ዝሰርሕ ጎይታ ዓቢ ነገር ከምትገብር መስክር።

## ንስሓ

ጎይታ ናይ ሂወተይ ሓይሊ አዩ፡ በቲ ሓይሉ ኩሉ ክገብር ይከኣለኒ አዩ። ኣብ ምሉእነቱ ምሉእ አየ፡ ስለዚ ኣብ ዝኾነ ዕማም ኣብ ኩነታተይ ዕዉት አየ፡ በቲ ሓያል ስርሑ ኣብ ውሽጠይ፡ ኣብ ሂወት ይመርሕን ይብርትዕን፡

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 26:1-30

ዘጽኣት 32-33

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 16:1-10

መዝሙር ዳዊት 3-4

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ቆሎሴ 1:29; ፊልጲ 4:13; ዘጽኣት 15:2

# ምልክታ

# ምልክታ

ሓሙስ

8



# ንኽትነብሮ ክትብሎ ኣለካ

ዝኾነ ይኩን እቲ ዝበሎ ከም ዝኸውን ዝኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይወላወል፡ ነዚ ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሐል፡ እንተ በሎ፡ ንኡኡ ከም ዝኾነሉ፡ ብሓቂ ይብለኩም ኣለኹ። (ማር 11፡23)

እቲ ዝበለጸ ህያብ ካብ ኣምላኽ ንሰብ ዝተዋህበ ህያብ ቃል እዩ። ናይ ምዝራብን ቃል ናይ ምግባር ክእለት። ንስኻ ዝበልካዮ ነገር ኢኻ፡ ሂወትካ ውጽኢት ናይቲ ካባኻ ዝወጽእ ቃል እዩ። መእተዊ ጽሕፍቶና ኣገዳስነት ንዛረቦ ቃል ንሂወትና ዘማእዝን እዩ ዘተምብህ። እቲ መሰረታዊ ሕጊ ንጹር እዩ። እቲ ትረኽቦ እቲ ትዛረቦ እዩ። ሂወት ሕማቅ ይኹን ጽቡቅ እቲ ትብሎ ኢያ ተፍርየልካ።

ኣብዚ ማእከላይ ባይታ ዝበሃል ነገር ከምዘየለ ተረዳእ። ገለ ሰብ ከምዚ ይብሉ ይኾኑ፡ "ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ዝበልክዎ ስለ ዘየለ ወልሓደ ኣይኮውንን እየ"፡ እዚ ግን ጌጋ እዩ። ብከምኡ ኣይኮነን ዝሰርሕ። እቶት ክህልወካ እዩ። ልክዕ መሬት እንከለካ ዝኾነ ዘርኢ ንኸይትዘርእ ምቅዋም ማለት እዩ። ገለ ነገር ግድን ባዕሉ ክዓቢ እዩ።ኣዝዩ ዘሕዝን ናይ ገለ ገለ ሂወት ልክዕ ከምዚ እዩ። ንነብሶም ኣብ ዓወት፡ ዓብላልነትን ብልጽግናን ከንብርዋ ሓላፍነቶም ምኻኑ ይዝንግዑ።

ኣምላኽ ኣዝዩ ዝበለጸ ሂወት ኣብ ክርስቶስ ከተስተማቅር ኩሉ ዘድልየካ ነገር ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ሂቡካ እዩ። ንንገራት ክትጥቀመሎም ሕጂ ሓልፍነትካን ቀንዲ ከኣ ኣብ ምንጋርካ እዩ። ክትነብሮ እንተ ኮንካ ፡ዝበለጸ ሂወት ኣለኒ ክትብል ኣልርካ! ንናይ ክብሪ፡ ስልጣን፡ ጽባቀን ብሉጽነትን ሂወት ከምዝተጸዋዕካ ተረዲኡካ ክትዛረበሉ ኣለካ።

2ጴጥ 1፡3 "እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ፍርሃት እግዚኣብሄርን ዝኸውን ኩሉ ካብ ዝህበና፡" ዘይብልካ ነገር ከምዘየለ የርእየካ፡ እዚ ከኣ መሰረታዊ ስርዓት ናይ እምነትካ ምእዋጅ እዩ።

ብሕጽረት፡ ሕማም፡ ድኻም፡ ዘይምኻል ወይ ፍርሂ ኣይትዛረብ። መለኮታዊ ጥዕና ከምዘልካ መስክር። ኀይታ ሓይልኻ፡ ጽድቅኻ፡ ዓወትካን ብልጽግናኻን ምኻኑ መስክር። ደኣጊምካ መስክር ኣሞ ሂወትካ ንላዕልን ንቕድሚትን ጥራይ ክትጎዓዝ ኢያ።

## ንስሓ

ሂወተይ ምስክር ናይ ጸጋ ኣምላኽ ኢያ። ክብሪ ኣምላኽ ሎሚ ኣባይ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ቃሉ ይጎዓዝ ካብ ቃሉ ከኣ ፍረ ይርክብ።ክርስቶስ ኣብ ውሽጠይ ስለ ዘሎ፡ ሓይሊ መሊኡኒ ኣሎ። ንሱ ጽድቀይ፡ ጥበብይ፡ ዓወተይን ብልጽግናይን ኣሎ። ኣምላኽ ዝተባረኸ ይኹን!

ሓደ ዓመት ናይ ንባ
ብ መደብ:

ማቴዎስ 26:31-56

ዘጽኣት 34-35

ክልተ ዓመት ናይ ን
ባብ መደብ:
ግብሪ ሃዋርያት
16:11-18

መዝሙር ዳዊት 5-6

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

እብራውያን 13:5-6; ማርቆስ 11:22-23

ዓርቢ

9



# ዕላማ ዘለዎ ሂወት

የሱስ በሎም ብልዔይሲ ፍቃድ እቲ ዝለአኸኒ ክገብር ዕዩኡ ውን ክፍጽም እዩ (ዮው 4:34)

ኣብ ክርስትና ሂወትና ትርጉም ኣለዎ፡ ሂወትካ ዕላማ ኣለዎ;; ትርጉም ዘይብሉ ኣይኮንካ ትነብር ዘለኻ። የሱስ ዕላምኡ ይፈልጥን ይርዳእን እዩ ኔሩ። ዮው 17:4 ከምዚ ይብል፡ “ኣነ ነቲ ክገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ ፈጺመ፡ ኣብ ምድሪ ኣኽበርኩኻ።” እዚ ወላ ናትካ ሓሳብ ክኸውን ኣለዎ፡ ክብሪ ኣቦ ድሌትካን ናይ ምንባር ዕላማኻን ክኸውን ኣለዎ፡ እቲ ተኽብረሉ መንገዲ ከኣ እቲ ኣብ አድካ ዘሎ ስራሕ ምዕማም እዩ።

ናይ እግዚኣብሄር ዕላማ ኣብ ሂወትካ ዳህሲስካዮ ዶ? እቲ ቀንዲ ዕላማ ህላውነትካ ትፈለጦ ዶ? ኣብኡ ኣለኻ ዶ? ዕላማ ኣቦ ድሕነት ናይ ኩላ ዓለም እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ንወዱ ዝሰደደ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ “ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘልኣለም ሂወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ምእንቲ ከይጠፍእሲ ነወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።” (ዮው 3:16) ቃል ኣምላኽ እንደገና፡ “ጎይታስ ንኹላቶም ናብ ንስሓ ክበጽሑ እምበር፡ ሓደ እካ ክጠፍኣ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምኣንታኹም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝድንጉ ዝመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጉዮን እዩ።” (2 ጴጥ 3:9) እዚ እዩ ከኣ እቲ ስራሕና። ኣብ ምዓወት መንፈስ መሻርኽቱ እና።

ኣምላኽ ነቶም ኣብ ጥቃኻ ዘለዉ ሂወት ከጸብቅ እዩ ዝደሊ፡ ብኣኻ ጌሩ ከኣ ናብ ጽድቂ ይመርሖም፡ እዚ ከኣ ንክብሩ ምንባር እዩ፡ እዚ እዩ ዕላማ ዘለዎ ሂወት፡፡ ዕለምካ ብኣወንታ ጸሊኻበቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ነቶም ኣብ ጥቃኻ ዘለዉ ድሕነት ክቕበሉ ሓግዝ፡፡

ኣብ ካልእ ጉዕዞ ሂወትካ ማዕረ ክንደይ ኣፍራይን ውጽኢታውን ጸኒሕካ ብዘየገድስ፡ ኣብ ምዕዋት መንፈስ ብዝበለጸ ክትሰርሕ ኣለካ። ምስ ጎይታ መሳርሕቲ ኢኻ። (2 ቆሮ 6:1) ነቶም ኣብ ጥቃኻን ካባኻ ርሒቆም ዘለዉ

ተስፋ ዘይብሎም፡ ዝቶጎድኡ፡ ዝጠፍኡን ወንጌል ውሰደሎም።

ዕዉት ሂወት ንእምላኽ ከምዘሕጉስ ዘክር። ነዚ ኦም ነገራት ክትረክብን ክትገብርን አዩ ኣምላኽ ጸዊዕካ። ዕዉት መንፈሳዊን ናይ ዕርቂ ሚንስተር ክትከውን አዩ ጸዊዕካ። አዚ አዩ ዕላማኻ፡ ነፍሳት ናብ ክርስቶስ ምምራሕ ዕዉትን ውጽኢታውን ብምኻን ክብሪ ሃቦ።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ብሓይሊ መንፈስ ነቶም ኣብ ጥቃይ ዘለዉ ክጸሉ ዕድል ስለዝሃብካኒ ተመስገን፡ ስለ አቲ ባርኾትን ኣዝዩ ብሉጽ ስንቂ ኣብ ሂወተይ ተመስገን። ንዓኻ ንበይንኻ ከኽብር አየ ዝነብር። ሂወተይ ናብ ዝርግሐ መንገስትኻ ወፊኸዋ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 26:57-75

ዘጽኣት 36-37

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 16:19-28

መዝሙር ዳዊት 7-8

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ማቴዎስ 28:19-20; 2 ቆረንቶስ 5:14-16

ቀዳም

10



# ካብ ውሽጢ ርአ

“አቲ ዝርኤ ንግዚኡ እዩ፡ እቲ ዘይርኤ ግና ንዘልኣለም እዩ እሞ፡ ንሕና ነቲ ዘይርኤ እምበር፡ ነቲ ዝርኤ ኣይንጥምትን ኢና” (2ቆረ 4፡18)

ቅድሚ ህሉው ምግላጽ ናይ ክብሪ፡ ዓወት፡ ብልጽግናን ክውንነትን ድሌታትካ ኣብ ሂወት፡ መጀመርያ ካብ ብውሽጥኻ ርኣዮ። ካብ ብውሽጥኻ ምስ ረኣኻዮ ሽዑ ናትካ እዩ። ነቲ ዘይርአ ምርኣይ ከኣ ይበሃል። ካብ ኣብ ውሽጥኻ እንተዘይሃልዩካ ኣብ ደገ ውን ኣይክህልወካን እዩ።

ኣብዚ እዮም ከኣ ገሊኦም ዘይርድእዎ፡ ቅድሚ ሓቂ እዩ ኢሎም ምጽውዖም፡ በቲ ደጋዊ ዓይኖም ቅድም ክርእይዎ ይደልዩ። እዚ ግን እምነት ኣይኮነን። እምነት ግን ነቲ ብደጋዊ ህዋስካ ዘይረኣኽእዮ ሓቂ እዩ ኢልካ ምጽዋዕ እዩ።

ንኣብነት ኣምላኽ ንእብርሃም ከምዚ ዝስዕብ በሎ፡ “ኣቦ ብዙሓት ጌረካ አየ እሞ ኣብርሃም ደኣ እምበር ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋዕ። ኣዝየ ከፍርየካ እየ፡ ህዝብታት ከም አትኸውን ድማ ክገብረካ እየ፡ ነገስታትውን ካባኻ ክወጹ እዮም።” (ዘፍ 17፡5-6) ኣብርሃም መጀመርያ ንነብሱ ከም ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ክርእያ ኔርዎ፡ ኣብታ ግዜ ድማ ኣምላኽ ተዛሪብዎ፡ ወዲ 99 ዓመት እዩ ኔሩ፡ ሰበይቱ ሳራ ድማ ካብ ንጽፈት ሓሊፉስ መኻን ነበረት።

መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ከምዚ ይብል “ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ ኣምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይተወላወለን።” (ሮሜ 4፡20) ጎይታ ከኣ ከምዚ በሎ፡ “ ንግዳም ኣውጺኡ ድማ፡ ንሰማይ ጠምት፡ ምቁጽጻሮም አትኽእል እንተኼንካ፡ ከዋኽብቲ ቁጸር ኢሉ። ዘርእኻውን ከምኡ ክኸውን እዩ በሎ።” (ዘፍ 15፡5) ኣብርሃም ድማ ኣመነ። ናይቲ ዘይቁጸር ምስሊ ዝርኡ ልክዕ ከም ብዝሒ ከዋኽብቲ ካብ ዓሙቕ ተራእዮ።

እዚ ጽሕፍቶ ከትጽንዖ ከለኻ ምስሉ ክትስእል ውን ተማሃር፡ በኣዒንቲ መንፈስካ ርአ፡ ብግብሪን እምነትን ድማ ኣሰንዮ። እቲ ደጋዊ ምስሊ ክሳብ

ዝግለጸልካ ኣይትጸበ። ኒኣብነት መንፈስካ ከምዚ ኢሉ አንተተዛረበካ" "ሓድሽ ስራሕ ኣለካ፡ ናይ ስራሕ ደብዳቤ ምስ ምስተቀበልኩ ኣየ ስራሕ ኣለኒ ዝብል" ኣዚ ግን ጌጋ አዩ! ዋንነት ኣብቲ መንፈስ ይሃልወካ፡ ምኽንያቱ ኣብ መግዛእቲ መንፈስ ብዝበዝሐ ሓቂ አዩ።

መንፈስካ ክሕልወካ ከሎ ባርኾት ምኻኑ ተረዳእ ፡ ኣብ ሂወትካ ክግለጽ ምኻኑ ብኣፍካ ዝመስከርካዮ አዩ። ስለዚ ዓወትካ፡ ብልጽግናኻ፡ ጥዕናኻ፡ ሰላምካ፡ ስጉምትኻን ካብ ውሽጥኻ ርአን መስከረሉን።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ቃልካ ሎሚ መዓልቲ ናብ መንፈሰይ ክመጽእ ስለ ዘነቃቀሓኒ የምስግነካ ኣለኹ። ኣዒንቲ መንፈሰይ ባርኾትካ ስለ ዝረኣኣያን ዝተረዳኣን ተመስገን! ዓወት፡ ጥበብ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ፡ ስጉምተይ ንዕዉት ሂወት ስለዝረኣኹ ተመስገን። አምነተይ ነባሪ አዩ፡ ካብ ኩነታት ተዓወትኩ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 27:1-26

ዘጽኣት 38-39

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 16:29-40

መዝሙር ዳዊት 9-10

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

መዝሙር ዳዊት 50:2; እብራውያን 11:6

ሰንበት
11



# ክርስቶስ ኣብ ውሽጥኻ ርኣዮ

አቲ ካብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ ዝፈለየኒ ብጸጋኡ ውን ዝጸውዓኒ ኣምላኽ ግና፡ ኣነ ኣብ ኣህዛብ ወንጌል ምእንቲ ክሰብኽ አሉ ንወዱ ኣባይ ክገልጾ ምስ ፈተወ፡ ሽዑ ብእብኡ ምስ ስጋን ደምን ከይተማኸርኩ፡ ናብቶም ቅድመይ ዝነበሩ ሃዋርያት፡ ናብ ምድሪ ዮርሳሌም አካ ከይደየብኩ፡ ናብ ምድሪ ዓረብ ከድኩ አሞ ብሓድሽ ናብ ደማስቆ ተመለስኩ።
(ገላ 1፡15-16)

ኣብ መእተዊ ቅዱስ ጽሑፍና ከምዝገለጽናዮ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣምላኽ ንወዱ የሱስ ክርስቶስ ከምዝገለጸሉ ይምስክር። አዚ ግን ንሃዋርያ ጳውሎስ ጥራይ ኣይኮነን፡ ጸውዒት ናይ ኩሉ ክርስትያን አዩ፡ ካልኣይ ግዜ ክውለድ አዩ። ክርስቶስ ኣባኻ አዩ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ "ማለት ፡ አቲ ካብ ዘልኣለምን ካብ ዉሉድ ወለዶን ተሰዊሩ ዝነበረ ሎሚ ግና ንቅዱሳኑ አተገልጸ ምስጢር፡ ሃብቲ ክብሩ ነዚ ምስጢር አዚ ኣብ ኣህዛብ አንታይ ምኻኑ ክፈልጥ ንዝደለዮም፡ ንሱውን ክርስቶስ ኣባኻትኩም፡ ተስፋ ክብሪ አዩ።" (ቆሌ 1፡26-27)

ቅድሚ ግዜ ምጅማሩ ናይ ኣምላኽ ዕላማ ክርስቶስ ክግለጸልካ አዩ ኔሩ። ክርስቶስ ኣባኻ ክርትእዮ ትኽእል'ዶ? ሂወት ክርስቶስ ኣባኻ ከምዘሎስ ክትርእይ ትኽእል'ዶ? ክርስቶስ ኣባኻ አንተተገሊጹ ንዝኾነ ሕማም ዝኸውን ቦታ ኣብ ነብስኻ የለን። ዝኾነ ሕማም ከይህልወካ ተስፋ ኣለካ። ተስፋ ናይ ዳግማይ ሂወት፡ ተስፋ ናይ ዘልኣለማዊ ዓወት፡ ተስፋ ናይ ዘልኣለማዊ ክብሪ፡ ተስፋ ናይ ዝኾነ ውድቀት ኣብ ሂወትካ ንከይህሉ ዝገብር ምግላጽ ናይ ክርስቶስ ኣባኻ አዩ።

ብሓደ ቀታሊ ሕማም ነጸርታ ተነጊሩካ ይኸውን፡ በዚ ግን ኣይትጨነቅ፡ ክርስቶስ ኣባኻ ክትርእዮ አንተ ክኢልካ መወዳአታ ናይቲ ምስናፍ አዩ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ "ክርስቶስ ኣባኻትኩም አንተ ኣልዩ ግና፡ አቲ ስጋ ብሰሪ ሓጢኣት ምውት አዩ፡ አቲ መንፈስ ግና ሳላ ጽድቂ ህይወት አዩ።"

( ሮሜ 8፡10)

ናይቲ ባህርያዊ ሰብ ደም ሂወት ናይ ስጋኡ እዩ፡ (ዘሌ 17፡11) ዳግማይ ኣንተ ተወሊድካ ግን ክርስቶስ እዩ ሂወትካ (ቆሌ 3፡3)። ሂወትካ ብደምካ ኣይኮነትን ትቀውም ዘላ፡ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ክብል ከሎ ብዝበለጸ ክርደኣካ እዩ፡ "ነቶም ዝተቀበልዎም ዘበሉ ኩሎም ብስሙ ንዛኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ክኾኑ መሰል ሃቦም፡ ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ደም ወይ ካብ ፍቃድ ስጋ፡ ወይ ውን ካብ ፍቃድ ሰባኣይ ዘይተወልዱ እዮም።" (ዮው 1፡12-13)

ካብ ኣምላኽ ዝተወለድካ ኢኻ፡ ናይ ክርስቶስ ሂወት ኣብኻ ኣለካ። ክርስቶስ ኣባኻ ማለት ከኣ ምዕባለ፡ ዓወት፡ ብሉጽነት ኣብ ሂወትካን ማለት እዩ። ናይ ውድቀት መዓልታት ንዘልኣለም ተሰዊረን ኢየን! ኣምላኽ ዝተባረኸ ይኹን።

## ንስሓ

ክርስቶስ ኣባይ እዩ! ሂወተይን ኩሉ ነገረይን እዩ! ኣብኡ ይነብር፡ ህላውነተይን ምንቅስቃሰይን ኣብኡ እዩ። ኣብኡ ንዘልኣለም ዕውት እየ። ካብ ወራሪ ንላዕሊ እየ። ክርስቶስ ድልድለይ፡ ጥበበይ፡ ጽድቀይን ሓቀይን እዩ፡፡ ሃሌ ሉያ!

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 27:27-44

ዘጽኣት 40

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 17:1-9

መዝሙር ዳዊት 11-13

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ሮሜ 8:1-2; ቆሎሴ 1:25-27

ሰኑይ

12



# ቃሉ ሰሚዕካ ንበር

አዝንኹም ናባይ ጽለዉ አሞ ናባይ ንዑ፡ ስምዑ፡ ነፍስኹም ድማ ብሂይወት ክትነብር እያ፡ ኣነ አቲ ንዳዊት ዘተስፈኽዎ ነባሪ ጸጋ፡ ዘላኣለማዊ ኪዳን ምሳኻትኩም ክኣቱ እየ። (ኢሳ 55፡3)

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ንሙሴ ንቆልዑ እስራኤል ናብ ኣግሪ ጎቦ ክእክቦም እሞ ክዛረቦም ነገሮ። (ዘጽ 19፡10-11)። አቶም ህዝቢ ነቲ ነጎዳን በርቂን ምስ ረአዩ ብ ህላወ ኣምላኽን ድምጹን ኣዝዮም ፈርሁ፡ ሂወቶም ግን ኣይለወጠን። (ዘጽ 20፡18-19)።

ሳኦል ናብ ዶማስቆስ እንዳ መጸ ኣብቲ በተክርስትያን ብዙሕ ዕንወት ምስ ኣውረደ፡ ኣብቲ ግዜ ዓቢ ምሱጋግ ናይቲ ቤተክርስትያን ኣዝዩ ድሙቅ ብርሃን ካብ ገነት ተንጸባረቁ ደጉሑ። ናብ መሬት ወድቀ እሞ ድምጺ ጎይታ ብናይ እብራውያን መልሓስ ሰምዖ። አቶም ሞጋዕዝቱ ግን ድምጺ ነጎዳ እዩ ኢሎም ሓሰቡ። መን ኢሎ ኣምላኽ ዝሰምዕን ዝነብርን?

ግን ኣምላኽ ዝተመሰገነ ይኹን፡ ዳግማይ ብምውላድና ድምጹ ክንሰምዕ ተሓሪና። እቲ ምኽንያት ሳኡል ክሰምዖ ዝኽኣሎ አቶም መጋዕዝቱ ግን ዘይሰምዕዎ ዋላ አብራውያን እንዳተርድኦም ከኣ ኣብ ግሃ 22፡14 ይርከብ፡ "ንሱ ከኣ ኣምላኽ ኣቦታትና ብዝረኣኻዮን ብዝሰማዕካዮን ካብ ኩሉ ሰብ ምስክር ምእንቲ ክትኮኖን፡ ፍቃዱ ንኽትፈልጥን ነቲ ጻድቅ ከኣኣ ክትርእዮን ካብ ኣፉ ውን ቃል ክትሰምዕ ሓረየካ።"

ገለ ስብ፡ " ድምጺ ኣምላኽ ትኽ ብትክ እንተ ሰማዕኩ፡ ሂወተይ ክቅየር እዩ" ይብሉ። እዚ ግን ጌጋ እዩ! ካልኦት ድምጹ ሰሚዖም ሂወቶም ግን ኣይተቀየረን። እቲ መልእኽቲ ተቀበሎ ኣይትቀበሎ ብዛዕባ እቲ ትሰምዖ ድምጺ ዘይኮነስ ብዛዕባ እቲ መልእኽቲ ዘማሓላልፎ እዩ፡ ቃል ኣምላኽ ኣብ መንፈስካ ኣብ ትሰምዓሉ ግዜ ትነብር። ሰብ ብመግቢ ጥራይ ዘይኮነስ ብቃል ካብ ኣፍ ኣምላኽ ዝወጽእ እዩ ዝነብር።(ማቴ 4፡4)። ኣምላኽ ኩሉ ጌዜ ክዛረበና ከሎ፡ ንነብር፡ ንሕይልን ናባረኽን።

ልክዕ ከምቲ ምዓልታዊ መግቢ በሊዕካ ንነብስኻ ትሃንጾ፡ ድምጺ ኣምላኽ መዓልታዊ ክትስምዕ ከለኻ ድማ ሂወትካ ዝቅይሮ ነገር ኣሎ።

ሓይልካ፡ ተተባቢዕካን ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ይመርሓካን። ዓወትን ጸጋን ኣብ ሂወትካ ተቢሖም ይባዝሑ። እዚ ኩሉ ከኣ ቃል ትምገብ ሰለዘለኻ እዩ። የሱስ ከምዚ በለ፡ “እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዝሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ፡ ንሳ ከኣ ሕጂ ኢያ፡ እቶም ዝሰምዑዎ ድማ ህያውያን ክኾኑ እዮም፡ እለ ብሓቂ ብሓቂ ይብለኩም ኣለኹ።” (ዮው 5፡25) ዮውሃንስ ንመንፈሳዊ ሞት እዩ ዘተንብህ ኔሩ። ስልዚ ወንጌል ክርስቶስ ክትሰምዕ ከለኻ፡ ትነብር፡ ነቲ ቃል ምምጋብሲ ኣይተቃርጽ።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ስለ ኣቲ ቃልካ ኣብ ሂወተይ ተመስገን፡ ቃልካ ሂወተይ እዩ፡ እቲ ቃል መንገደይ ዝመርሕ ብርሃን እዩ፡ ኣብ ቅኑዕ መንፈስ ከኣ ይኅዓዝ፡ ሎሚ መዓልቲ ዕዉት እየ። ኩሉ ግዜ ውን በቲ ቃል ክዕወት እየ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማቴዎስ 27:45-66

ዘሁልቅ 1-3

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 17:10-21

መዝሙር ዳዊት 14-16

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

መዝሙር ዳዊት 119:130; ምሳሌ 4:20-22; ማቴዎስ 4:4

ሰሉስ

13



# ኣቲ ፈዋሲ ቃል ኣምላኽ

ወደየ ናብ ቃለይ ኣቕልብ፡ ኣዝንኻ ናብ ዘረባይ ኣድንን፡ ንዝረኸበ ንሂወቱ ብዘሎ ስግኡ ከኣ ፈውሱ እየን እሞ ካብ ቅድሚ ዓይንኻ ኣይተርሕቀን ኣብ ውሽጢ ልብኻ ውን ዕቀረን (ምሳ 4፡20-22)

እዚ "ፈውሲ" እልና ተርጉምናዮ ዘለና ኣብ መእተዊ ጽሑፉና ካብ ኣብራውያን ቃል "marpe" ኮይኑ ትርጉሙ ከኣ መድሃኒት ማለት እዩ። ስለዚ እታ ጥቕሲ ከምዚ ኣላ ክትንበብ ይግበኣ " ንዝረኸበ ንሂወቱ ብዘሎ ስግኡ ከኣ [መድሃኒቱ] እየን እሞ ካብ ቅድሚ ዓይንኻ ኣይተርሕቀን ኣብ ውሽጢ ልብኻ ውን ዕቀረን" ቃል ኣምላኽ መድሃኒት እዩ፡ ኣብ ነብስኻ ዘሎ ዝኾነ ዘይሓዊ ዝመስል ሕማም ይፍውስ። ቃል ኣምላኽ ውን ከምዚ ይብል፡ "ቃሉ ልኢኹ ኣሕወየኦም፡ ካብ ጉድጓዶም ከኣ ኣናገፎም"(መዝ 107፡20)

ቃል ኣምላኽ ናይ ኩሉ መፍትሒ እዩ፡፡ ሓይሉን ኣድማዕነትን ዘይከሓድ እዩ። እዚ ቃል ሂወትካ ክቅይር፡ ንዓወት ከሕይለካ፡ ናብ ብሉጽነት ከምጻካ ውን ሓይሊ ኣለዎ። ነቲ ቃል ከተስተንትኖ ከለካ ኣዝዩ ዓቢ ለውጢ ኣብ ሂወትካ ይህሉ። ኣብ ሂወትካ ፈተና ወይ ሽግር እንተ ድኣ ትገጥም ኣለኻ፡ ኣይትጨነቅ። ቃል ኣምላኽ ሓዝ እሞ ለውጢ ከመጻካ እዩ።

ከምቲ ዝግብኣካ ቃል ኣምላኽ ምስ ዘይተጽንዕ ወይ ዘይትምገብ ወይ ወን መንፈስካ ምስ ተጥምዮ፡ እ\ኢ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ልክዕ ከምቲ ሰባት መግቢ ከይበልዑ ንነዊሕ ግዜ እንትጸኒሑም ንሕማም ዝቃልዑ ወይ ናይ ምክልኻል ስርዓቶም ንቫይረስ ይኹን ጀርም ብቑልጡፍ ዝዳኸም እዩ። ብግቡእ እንተተመጊብካ ግን እዞም ዝበልናዮም ጸገማት ኣይክገጥሙኻን እዮም።

ካብ መቢ ንላዕሊ ቃል ኣምላኽ ንነፍስኻ ይሃንጽ። ኣብቲ ቃል እንተጸኒሕካ ኩሉ ግዜ ጥዑይ ኢኻ። ነቲ ቃል እንተ ኣስተንቲንካዮ ናይ ደምካ ሕማም ይፍወስ፡ HIV የጥፍእ፡ ናይ ቆርበትን ናይ ዓጽምን ሕማም ይፍውስ፡ ሂወት ድማ ኣባካ የፍሪ! ነቲ ምሕካም ዝኣበየ ቁስሊ ይሕዊ። ኣብ

ስንክልና ነቲ ቃል ተዛረብ፡ ኣብ ካንሰር ነቲ ቃል ተዛረብ፡ ኣብ ዋህዮታትካ ነቲ ቃል ተዛረብ፡ ካብ ዓይነት ሽኮርያ ክትፍወስ እቲ ቃል ኣዝዘሉ! ንነብስኻ ብ ቃል ኣምላኽ ጥዕናኻ ሓሉ።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ቃልካ ንነፍሰይ ፈውሲን ጥዕናን ስለዝኾነ ተመስገን፡ ቃልካ ናይ መዓልታዊ መድሃኒተይ እዩ፡ ንነፍሰይን መንፈሰይን ብ መንፈሳዊ መግቢ ይምግብን ካብ ኩሉ ኣዕናዊ ጽልዋታት እዛ ዓለም ብቃልካ ይከላኸል። ካብቲ ዘይዓኑ ዝርኢ ቃል ተወልድኩ። ነዛ ዓለም ከኣ ሰዓርክዋ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማቴዎስ 28

ዘሁልቅ 4-5

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 17:22-34

መዝሙር ዳዊት 17-18

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

መዝሙር ዳዊት 107:17-20; ማቴዎስ 13:14-15

ረቡዕ

14



# ምስክሩ ክትከውን ዝተሓረኻ

ስለዚ ኪዱ ንዅሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቁዱስን እና ኣጠመቅኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልወኩም ከኣ እና መሃርኩም፡ ደቂ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ። (ማቴ 28፡19-20)

ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ስለዝኾንካ፡ ንኣብዛ ዓለም ዘለዉ ኻልኦት ሰባት ተስፋ ከም ዝኾንካስ ትፈልጥዶ? ኣምላኽ ምስክሩ ክትከውን ሓርዩካ እዩ። ንኻልኦት ሓይሊ ናይት መድሓኒ ወንጌልን ፍቅሪ ኣቦን ክትነግር ሓርዩካ እዩ። እቲ ክቡር ወንጌል ናይቲ ዝተባረኸ ኣምላኽ ንእምነትካ ኣሙን እዩ።(1 ጢሞ 1፡11)። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ተርዲኡ ድማ ኣወጀ፡ "ኣነ ወንጌል እንተሰበኽኩ፡ ብግዲ በጺሑኒ እዩ እሞ፡ ዝምክሓሉ የብለይን። ወንጌል እንተዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ።" (1ቆሮ 9፡16)

ካብ ናይ ክርስቶስ ምስክር ምኻን ዝዓቢ ነገር ወልሓደ ከምዘየለ ይረድኣካ፡ እዚ ድሌትካን ዊንታኻን ክኸውን ኣለዎ፡ "ብየሱስ ንኻልኦት ክትምስክር" ነዚ ኢኻ ዝተሓረኻ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ "ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ክጸግብ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉታት ክትንስእ፡ ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢያትን ካብ ዮሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ክሰብኽ፡ ጽሑፍ እዩ። በዚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኹም።" (ሉቃ 24፡46-48)

ከመይ ኢልካ ኣሞ ስቕ ክትብል? ንኻልኦት ክትነግርን ንቅድሚት ክግስግስን ወንጌል ሃብ። ናይ ክርስቶስ ወንጌል ዋሕስ ኩን ኣሞ ተሓበነሉ ከኣ። ነቲ ናይ ኣምላኽ ነገር ብ ፍይናንሳዊ ሃብ፡ ኣብ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ዝግበር ኣኼባ ውን ተረኸብ።

ነቲ ኣብ ዙርያኻ ዘሎ ሕክምና፡ ቤት ማእሰርቲ፡ ዓዲ ይኹን ኣብ ዝኾነ ወንጌል ስበኽ። ነቲ ዘይተነገረ ንገር፡ ነቲ ዘይተበጽሐ ከኣ ከም ዝብጻሕ ግበር፡ ምኽንያቱ እዚ ወንጌል ሓቂን ኣሙንን እዩ። ንቶም ዝኣምኑ ሓይሊ ምድሓን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 2 ቆሮ 5፡13-15 ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡ "ኣምበኣርከስ ሓደ በጃ ኹሉ ሞተ፡ ስለዚ ኹላቶም ሞቱ፡ ካብ ኣንብልሲ፡

ፍቅሪ ክርስቶስ ደሪኹና አዩ አሞ፡ አንተ ተጸለልና፡ ንኣምላኽ፡ ምስ ቀልብና አንተ ኾንናውን፡ ንኣኻትኩም አና። ድሕሪ ሕጂ ነቶም ዘለዉ ነቲ ምእንቶም ዝሞተን ዝተንስኤን አምበር፡ ርእሶም ምእንቲ ከይነብሩ፡ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላቶም ሞተ”

ብፍቅሪ ክርስቶስ ወንጌል ክትሰብኽ ተደፋፋእ። ንሰኻ ምስክር ናይ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ስለዝኾንካ፡ ነቶም ዝጠፍኡ ኣብ ዝረኸብካዮ ዕድል መማለዲ ኩን፡፡

## ጸሎት

ናይ ክርስቶስ ወንጌል ክሰብኽ ሓላፍነት ኣብ ልዕለይ አዩ። ሙሉእ ምስክርነት ናይዚ ምኒስትሪ ንክነግርር እዚ ህያብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስለዝተዋህበኒ ጎይታ የመስግነካ ኣለኹ። “ምኒስትሪ ወንጌል ናብቶም ዝደኸሙ ከመርሕን ነቶም ዝሓመሙ ጥዕናን ፈውስን ከምጽእን ዝተራቀቅኩን ብእምላኽ ዝተሓገዝኩ አየ።” ብስም የሱስ፡ ኣሜን።”

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 1:1-20

ዘሁልቅ 6-7

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 18:1-11

መዝሙር ዳዊት 19-20

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ማርቆስ 16:15-18; ግብሪ ሃዋርያት 1:8

# ምልክታ

# ምልክታ

ሓሙስ

15



# ንሱ ውርሻኻ እዩ

እግዚኣብሄር ድማ ንኣሮን በሎ፡ ኣብ ምድሮም ርስቲ ኣይሃሉኻ፡ ኣብ ማእከሎም ከኣ ግደ ኣይሃሉኻ፡ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ግዴኻን ርስትኻን ኣነ እየ። (ዘህ 18፡20)

ካብዚ ኣብዚ ቁዱስ ጽሑፍና ዝበልናዮ ኣምላኽ ናብ ኩሎም ዝተፈላለዩ ቀቢላ እስራኤል ብጃካ ዘሌዋውያን እጃሞም ኣውረሰ። ንዘሌዋውያን ከኣ ከምዚ በሎም፡ " ኣነ ንኣኻትኩም ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ውርሻ እየ።" ብኻልእ ቃል፡ "ኣነ እጃምካ እየ!" "ኣነ ኩሉ ዘድልየካ እየ!" እዚ ኣዝዩ ኣደናቒ እዩ! ጎይታ ውርሻኻ ምስዝኸውንሲ ማዕረ ክንደይ ሃብታም ኢኻ?

መዝ 24፡1 ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡ "እግዚኣብሄር ንምድሪ ኣብ ባሕሪ ሰሪትዋ ኣብ ወሓይዝ ውን ኣጽኒዕዋ እዩ እሞ፡ ንሳን ምልኣታን ዓለምን ዝነብርዋን ናቱ እዮም።" እዚ ሓቂ እንተ ኮይኑ፡ ሓቂ ውን እዩ፡ ጎይታ ግዴኻ እንተ ኮይኑ፡ ምድሪን ኩሉ ኣብ ምድሪን ዘሎን ናትካ እዩ ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ኩሉ ናትካ እዩ ክብል ከሎስ ኣየገርምን እዩ! ሕጂ ንኣምላኽ ዝኾነ ነገር ኣይልምኖን እየ ክብል ከለኹስ ተረዲኡኩም ይኸውን። ኩሉ ጸሎተይ ንኻልኦት ሰባት እዩ። ክርስቶስ ስለዘለኒን ክርስቶስ ኩሉ ስለዝኾነን ንኣምላኽ ወልሓደ ዝልምኖ የብለይን፡፡

እዚ ሓቂ ኣባኻ ምስ ተገልጸ፡ ኩሉ መሰናኽላትካ ይውዳአ። ስነ ኣእምሮኻን ምስክርነትካን ይቕየር። ኣቶም ዘመርቲ ድማ እዚ ውርሻ ካብ ጎይታ ፈለጡ እሞ ኣወጁ። "እግዚኣብሄር ክፍሊ ርስተይን ጽዋእይን እዩ፡ ነቲ ብዕጫ ዝበጽሓኒ ተጽንዖስ ንስኻ ኢኻ።" (መዝ 16፡5)

እንደገና ኣብ መዝ 27፡1 ከምዚ እሉ መስከረ፡ " እግዚኣብሄር ብርሃነይን መድሓነይን እዩ፡ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርሕ፡ እግዚኣብሄር ሓይሊ ሂወተይ እዩ ካብ መን ከ እየ ዝሰንብድ።" ኣብ (መዝ 27፡1) " ኦ ጎይታ ሓይሊ ሃበኒ" ኣይኮነን እሉ። ከምዚ ደኣ እሉ ኣወጀ፡ " እግዚኣብሄር ሓይሊ ሂወተይ እዩ ካብ መንከ እየ ዝሰንብድ" ኣምላኽ እጃምካ ምኻኑ እንተ ፈሊጥካ ሓይሊ

ክህበካ ኣይትልምንን ኢኻ። ንሱ ሓይልኻ እዩ ኣሞ መስከረሉ።

ካልኣይ ግዜ ብምውላድካ፡ ተኻፋሊ ናይ ቅድስናኡ ኣብ ብርሃን ኮንካ (ቆሎ 1:12)። ናብ ዝዓበየ ቦታ ተጸዊዕካ (መዝ 18:19)፡ ቦታ ናይ ዓወት፡ ጥዕናን ብልጽግናን። ነቲ ቃል ብምጽናዕን ብምስትንታንን ኢቲ ብ ክርስቶስ ተዋሂቡካ ዘሎ ፍለጦ። ኣብዚ ብርሃንን ዝተፈላለዩ ሓቅታትን ናይቲ ቃል ምስ ኣትጎዓዝ፡ መወዳእታ ዘይብሉ ክዉንነት፡ ጸጋን ብሉጽነትን ትጎናጸፍ።

## ጸሎት

እጃም ናይ ዉርሻይ ስለዝኾንካ ኣቦ የመስግነካ፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ኩሉ ስለዝተዋህበኒን ኣዝዩ ጽቡቅ ውርሻ ስለ ዝተዓደልኩን ብትብዓት ይእውጅ ኣለኹ። ኣብ ሃብቲ፡ ጥዕናን ብልጽግናን ከምኡ ውን ብሉጽነትን ምሕረትን ኣብ ኩሉ መዓልታት ሂወተይ ይስዕቡኒ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 1:21-45

ዘሁልቅ 8

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 18:12-23

መዝሙር ዳዊት 21-22

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ዘፍጥረት 15:1; መዝሙር ዳዊት 16:5; መዝሙር ዳዊት 119:57

ዓርቢ

16



# ኣቲ ልክዕ ዝደለኻዮ በል

ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፍለጥ ኣምበር፡ ብገለ አካ ኣይትጨነቁ (ፍጽ 4፡6).

ኣቲ ዝኀልሐ ክፋል ናይዚ ቁዱስ ጽሑፍ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡ "ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ኣይትፍራህን ኣይትጨነቅን፡ ኣብ ኩሉ ኩነታትካ ግን ብጸሎትን ልመናን (ንጹር ድሌት)፡ ብምስጋናን ነቲ ድለታትካ ኣምላኽ ከምዝፈልጦ ግበር።" ኀይታ ንጹር ድልታትና ክንሓቶ አዩ ዝጽበየና። አቲ ትደልዮ ብልክዕ በል!

ከንቱ ዝና ወይ ዓቀን ዘይብሉ ቃላት ኣየድልየካን አዩ። ገለ ገለ ሰባት ክጽልዩ ከለዉ ከምኡ አዮም፡፡ የሱስ ግን ከምዚ በሎም፡ "ክትጽልዩ ከለኹም ከኣ፡ ኣህዛብ ብምብዛሕ ዘረብኦም ዝሰምዑ ይመስሎም አዩ አሞ፡ ከማታቶም ዘረባ ኣይተብዝሑ።"(ማቴ 6፡7) ገሊኦም ድማ ዘይንጹር ሕቶ ይሓቱ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ከምዚ ይብል፡ " ኀይታ ሓግዘኒ፡ ከምዚ ዘለኹዎ ክቅጽል ኣይክእልን አየ" ከም ዝጸለየ ድማ ይሓስቦ፡ አዚ ግን ንጹር ሕቶ ኣይኮነን።

አቲ ትደልዮ ሓዝ ብንጹር ክትጠቅሶ ኣለካ። ሓገዝ ኣብ ፋይናንስካ ድዩ፡ ኣብ ጥዕናኻ፡ ኣብ ስራሕካ ወይ ስድራ ቤትካ? ዝኾነ ይኹን ብንጹር በሎን ኣብቲ ቃል ድማ ኣተግብር። መእተዊ ጽሑፍና ክልተ ባእታታት ናይ ውጽኢታዊ ጸሎት ይህበና፡ ኣብ ማር 11፡23 የሱስ ኀይታ ከምዚ በለ፡"ዝኾነ ይኹን አቲ ዝበሎ ከም ዝኸውን ዝኣምን አምበር፡ ብልቡ ዘይወላወል፡ ነዚ ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሕል አንተ በሎ፡ ንኡኡ ከም ዝኾነሉ ብሓቂ ይብለኩም ኣለኹ።"

የሱስ ነዚ "ኀቦ" ብንጹር ኣብ አምነትና ክንገብር ዝምህረና አምበር ነቲ "ኀቦታት" ክንዛረብ ኣይነገረናን፡፡ ኣዝዩ ሓያልን ንጹር ድሌት ናይ ለውጢ አንተ ኣለካ ናይ አምነት ኣዋጅ ኣውጅን ነቲ መልሲ ክትረክብ ከኣ ንኀይታ ኣመስግን። ብንጹር ምስ ትሓትት ኢኻ ውጽኢታዊ ምስጋና ንኣምላኽ ትህብ። ምኽንያቱ መዓስ ከምዝራኸቡስ ትፈልጥ ኢኻ።

አንታይ ዓይነት መሰናኽላት ትገጥም ኣለኻ ብዘየገድስ፡ ንፍርሒን ሽበራን ተቃወሞ! ንኣቦ አቲ ትደልዮ ንገሮ፡ ስለ አቲ መልሲ ከኣ ኣመስግኖ። ሓጎስኩም ምሉእ መታን ክኸውን ለምኑ ክትረኽቡ ድማ ኢኹም።(ዮው 16:24)

## ንስሓ

ክቡር ኣቦ፡ ስለ አቲ ሓይሊ ብስም የሱስ የምስግነካ። ንዝደለኹዎም ለውጢ ክረኽቦም ነቲ ስም ክጥቀም መሰል ስለዝሃብካኒ ተመስገን። በቲ ሓይሊን በቲ መሰል ናይቲ ስምን ደው በልኩ። በቲ ንዓይ ዘዳለኻዮ ዝለዓለ ናይ ክብሪ ሂወት ይነብር ኣለኹ። ኣብ ኩነታትን ናይ ሂወት ጉዳያትን ሎሚ መዓልትን ንዘልኣለምን ብመለኮታዊ ጥበብ ይጎዓዝ። ብስም፡ የሱስ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 2:1-22

ዘሁልቅ 9-10

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 18:24-19:1-7

መዝሙር ዳዊት 23-24

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ማቴዎስ 6:25; ማርቆስ 11:23; ማቴዎስ 7:7-8

ቀዳም

**17**



# ፍልጠት ንሓይሊ ናይቲ ቃል የንጥፍ

ንሓቂ ክትፈጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ክተውጻኩም ኢያ በሎም
(ዮው 18፡32)

መንፈሳዊ ሓቅታት ብፍልጠት አዮም ዝነጥፉ። 2ጴጥ 1፡3 ከምዚ ይብል፡ "እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንይወትን ፍርሃት ኣግዚኣብሄርን ዝኸውን ኩሉ ካብ ዝህበና፡" ምሳሌ 11፡ 9 ከእ ከምዚ ይብል "እቲ ግቡዝ ንብጻዩ ብኣፉ የጥፍኦ፡ ጻድቃን ግና ሳላ ፍልጠት ይናገፉ።"

ነቲ ቃል ከትጽንዖን ከተስተንትኖን ከለኻ ውርሻኻ ኣብ ክርስቶስ ጥራይ ዘይኮነስ ትረክብ፡ እምነት ክትቅበልን ነቲ ኩሉ ብየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበካ ከተስተማቅርን አኻ። እቲ ቃል ሓቂ አዩ። ዕዉት፡ ከም ህንጻ ክሃንጸካን ኣብ ጥዕና ድማ ክሕልወካን አዩ።

መን ምኻንካን ማዕረ ክንደይ እቲ ጉዳይካ ተስፋ ዘይብሉ አልካ ትሓስብ ብዘየገድስ፡ ነቲ ብ ሓቂ ቃል እምላኽ ዝነብር ሰብ ኣይከውንን አዩ ዝበሃሎ ነገር የለን። እቲ ቃል ሂወትካ ክቅይር፡ ካብ ውድቀት ናብ ዓወት ከምጻካ ይኽእል አዩ። ነዚ ቃል ግን ክትፈልጦ ኣለካ። ነዚ ቃል አንተዘይፈሊትካዮ፡ ክትሰርሓሉ ኣይትክእል አኻ።

በዚ ምኽንያት እና ከኣ ቃል ኣምላኽ ንምህረሉን ንሰብከሉን። ብየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበና ባርኾት ክንዛረብ ከለና፡ ሰባት ነቲ ባርኾት ይፈልጥዎ አሞ በቲ ባርኾት ክሰርሑ ይጅምሩ። ብፍልጠት ነቲ ባርኾት ኣብ ውልቃዊ ሂወቶም ክጥቀምሉ ይጅምሩ።

ንኣብነት ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ምፍዋስ ይፈልጡ አዮም፡ ዝበዝሑ ግን ከመይ ጌርካ ኣብ መለኮታዊ ጥዕና ከምትነዓዝ ኣይተማህሩን። ስለዚ ብዛዕባ መለኮታዊ ጥዕና ክንሰብኽ ከለና ዝዛዕብሉ ይሰምዑ አሞ፡ መለኮታዊ ጥዕና ናታቶም ውን ምኻኑ ይፈልጡ። አዚ ፍልጠት አምነት ናብ መንፈሶም የብጽሕን ነቲ ሓይሊ ቃል ኣምላኽ ኣብ ሂወቶም ብ መለኮታዊ ጥዕና ክነዓዙ

የንጥፍን።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ሓቂ ቓልካ ክግለጸለይን ክመሃረሉን መንፋስ ቅዱስ ስለዝሃብካኒ ተመስገን። አቲ ቃል ኣባይ ይሰርሕን ሂወት የፍርየለይን ኣሎ። ኣነ ልክዕ ከም ኣብ ወሓዚ ማይ ዝተተኸለት ፍጹም ቀጠልያ ተኸሊ አየ። ኣብዝኸድክዎ ብኹሉ ነገር ይዕወት ኣለኹ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 2:23-3:1-12

ዘሁልቅ 11-12

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 19:8-20

መዝሙር ዳዊት 25-26

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ምሳሌ 18:15; ምሳሌ 23:3-4; ፊልሞን 1:6

ሰንበት

18



# ንሱ ናብ ውርሻኻ የምጽኣካ

መልኣኸይ ቀቅድሜኻ ክኸይድ እዩ እሞ፡ ናብ ምድሪ ኣሞራውያንን ሕታውያንን ፈረዛውያንን ከንኣናውያንን ይቡሳውያንን ኬእትወካ እዩ።ኣነ ድማ ከጽንቶም እየ። (ዘጽኣት 23:23)

ኣብ ዘጽኣት 23፡23 ኣምላኽ ን ደቂ እስራኤል መሬት ናይ ኣሞራውያን፡ ሔታውያን፡ ሃዋውያንን ይቡሳውያንን ከእትዎምም መብጽዓ ኣተወሎም። ተቀምጥቲ ናይቲ መሬት ኣዝዮም ግዙፋትን ኣብ ኩናት ድማ ዝሰልጠኑ ነበሩ። ልዕሊ እስራኤላውያን ፡ ዝሓየሉ ነበሩ። ከተማታቶም ጽኑዓት ነበራ። እስራኤል ከመይ ኣላ መሬት ክትወስድን ናይ ኣምላኽ መብጽዓ ክዉን ክትገብርን? በቲ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ ክዉን ክኸውን ዝኽእል።

ኣምላኽ ድማ ከምዚ በሎም፡ “መልኣኸይ ቀቅድሜኻ ክኸይድ እዩ እሞ፡ ናብ ምድሪ ኣሞራውያንን ሕታውያንን ፈረዛውያንን ከንኣናውያንን ይቡሳውያንን ኬእትወካ እዩ።ኣነ ድማ ከጽንቶም እየ።” ኣብዚ ሕጂ ኣስተውዕል፡ መልኣኸይ ናብቲ መሬት ከምጽኦም እዩ ዝይኮነስ መልኣኸይ ናብቶም ጸላእቲ፡ ኣሞራውያንን ሕታውያንን ፈረዛውያንን ከንኣናውያንን ይቡሳውያንን እዩ ከምጽኦም ዝበለ። ንእስራኤልውያን ብምምኽናይ ከኣ ምስ ኣቶም ጸላእቲ ዘጋጠሞም።

ምስ ተቃዋሚ ሓይሊ ክትጋጮ ከለኻ ኣይትፍራህ፡ ንዓኽእ ኣንጊራኻ እዩ። ኣምላኽ ምስኦም ከምትገጥም ዝገብረካ ከሎ ነቲ ምስኦም ዘሎ ንዓኦም ዘይግባእ ነገር ክህበካ ስለዝደለየ እዩ። እቲ ምኽንያት ቀሊል እዩ፡ ንስኻ ዘርኢ ኣብራሃም ኢኻ። መንፈስ ቅዱስ ብዕላማ እዩ ኣባና ክነብር መጽዩ። ናብ ውርሻን ዕዉታት ክንከውንን እዩ ኣምጺኡና። ንዑኡ ክሳብ ዘይፈለጥካዮ ኣብ ውርሻ ኣይክትጎዓዝን ኢኻ! ኣዝዩ ብሉጽ ሂወት ድማ ትረክብ።

መንፈስ ቅዱስ ምስ ፈለጥካዮ፡ ንጡፍ ተሳታፊ ናይ መለኮታዊ ሂወት ትኸውን። ኣብ መለኮታዊ ተመክሮ ድማ ናትካ ተራ ትጻወት። ካብ ናይ ኣምላኽ ብሉጽነት ድማ ወልሓደ ኣካ ከደናግረካ ዝኽእል የለን። ኣብ መለኮታዊ ውርሻ ድማ ትነብር። 1ቆሮ 2፡12 ከምዚ ይብል፡ “ወንጌል

ክርስቶስ ምእንቲ ክምህር አለ ናብ ጥሮኣስ ምስ መጻእኩ ግና፡ ደገ ውን ብጎይታ ተኸፊቱለይ ክሎስ፡”

መንፈስ ቅዱስ አቶም ካብ ኣምላኽ ብነጻ ዝተዋህቡና ይፈልጥ አዩ። ክትቃለሶም የብልካን! ነዚኦም ነገራት አዩ ዘርእየካ። ናብ ፍልጠትካን ርድኢትካን የምጽኦም። ብአፍካ ምስ ትዛረበሎም ካብቲ መንፈሳዊ ናብ ጥረ ነገር ናይ ዓለም ይመጹልካ።ስለዚ ተዛረበሎም። ነቲ ቃል ምርግጋጽካ ኣብ ሂወትካ ሓቂ ይገብሮ።

## ጸሎት

ብሉጽ መንፈስ ቅዱስ፡ ህላውነትካ ኣብ ሂወተይ ፈለጥኩ። ሳናይ መንፈሰይ አኻ፡ በቲ ቅኑዕ ፍቃድ ኣምላኽ ትመርሓኒ። ናብቲ ክቡር ውርሻ የሱስ ክርስቶስ ስለዘምጸኻኒ ተመስገን። ብኣኻ ንውርሻይ ሎሚ መዓልቲን ኩሉ ግዜን ኣስተማቀርክዎ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 3:13-35

ዘሁልቅ 13-14

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 19:21-29

መዝሙር ዳዊት 27-28

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

1 ቆረንቶስ 2:12-13; ግብሪ ሃዋርያት 20:32

ሰኑይ
**19**



# ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን

ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ካብ ጸልማት ናብቲ ዘገርም ብርሃን ዝጸውዓኩም ምእንቲ ከትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ መንግስቲ ክህነት ቅዱስ ህዝቢ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾኑ ህዝቢ ኢኹም
(1 ጴጥሮስ 2:9).

ኣምላኽ ንኹሉ ዝገብሮ ነገር ዕላማ ኣለዎ። ንነገራት ስቅ ኢሉ ብዘይ ዕላማ ኣይኮነን ዝገብሮም። ንኣብነት ካብ ጸልማት ብዘይ ዕላማ ኣይኮነን ኣውጺኡካ፡ ናብቲ ኣደናቒ ብርሃኑ ድማ ቀይሩካ፡ ኩሉ ግዜ ንከእትውካ እዩ ዘውጸካ። ቆሎ 1፡13 ከምዚ ይብል፡ "ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱን ኣእተወና።"

ካብ ስልጣን ጸልማት ጥራይ ኣውጺኡ ከምዘይገደፈካ ኣስተዊዕልካዶ? ካብ ጸልማጥ ትራይ እንተዘውጸካ ውን ጽቡቅ እዩ። ናብቲ መንግስቲ ናይ ፍቅሪ ወዱ ኣምጺኡካ። እዚ ናይ ሕጂ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ መእተዊ ቅዱስ ጽሑፍና ናይ ሕጂ ቦታኻ እዩ ዝገልጽ፡ ናይ ኣምላኽ ዘደንቅ ብርሃን፡ ዘደንቅ ብርሃን! ንሱ መንበሪኻ እዩ፡ ስለዚ ኣብ ሂወትካ ጸልማት ዝበሃል የለን ማለት እዩ።

ናይ የሱስ ቃል ኣብ ዮው 8፡12 ድማ የዘክረካ። "ሽው የሱስ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ እቲ ዝስዕበኒ ብርሃን ሂወት ክረክብ እምበር ብጸልማት ኣይክኸይድን እዩ ኢሉ ከምብሓድሽ ተዛረቦም" ንሕና ደቂ ብርሃን ኢና፡ ኣብ ብርሃን ድማ ንሰፍር፡ ጎይታ ከኣ ኣቦ ብርሃን እዩ።(ያቆ 1፡17)

ጸልማት ንሓጥያት፡ ሞት፡ ሰይጣን ኩሉ ኣሉታዊ ሕብረት ምስ ሰይጣን እዩ ዝገልጽ፡ ካብዚ ኩሉ ንስኻ ወጺኻ ኢኻ። ካብ ኩሉ ሕማም፡ ጭንቀት፡ ድኽነትን ሽበራን ካብ ኩሉ ወጺኻ ናብ ክብርን ምቅሉልን ሂወት ኣብ ክርስቶስ መጺኻ ኢኻ። 2ቆሮ 4፡6 ከምዚ ይብል፡ "እቲ ካብ ጸልማት ብርሃን ይብራህ ዝበለ ኣማኽ እዩ ኣሞ ንብርሃን ፍልጠት ናይ ኣምላኽ ክብሪ ብገጽ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ኣብረሆ።"

ብኡኡ ንርኢ፡ ንሱ ብርሃንና እዩ። ብነብያትዊ ኣዘራርባ ዘማሪ ኣብ መዝ 36፡9 ከምዚ ይብል፡ “ናይ ሂወት ፈልፋሊ እዩ እሞ ብብርሃንካ ብርሃን ንሪኢ ኣለና።” ኣብ ናይ ኣምላኽ ብርሃን እና ንነብር፡ ኣብ ናይ ብርሃን መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ጽልማት ትነግሰሉ፡ ብሉጽነት ኣምላኽ ትገልጸሉን እዩ።

## ጸሎት

ሂወተይ ንክሪ ኣምላኽ እያ። ንብሉጽነት መሎኮት ብመልኮት ክገልጽ ዝተመዘዝኩ እየ። ን ኣብ ዕእለመይ ዘሎ ኩሉ ስልጣንን ብሉጽነትን ክርስቶስ ክገልጽ እየ። ዝተባረኸ ጎይታ ካብ ጸልማት ኣውጺኻ ናብ ክቡር ሓርነት ናይ ወዲ ኣምላኽ ስለዘምጻኻኒ ተመስገን፡ ኣብ ሂወት ይነብርን ይመርሕን ድማ ኣለኹ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 4:1-20

ዘሁልቅ 15

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 19:30-41

መዝሙር ዳዊት 29-30

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ቆሎሴ 1:12-13; ምሳሌ 4:18; ኢሳያስ 60:1-3

ሰሉስ

**20**



# ንስኻ ባርኾት ኢኻ

አቲ ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ ጌሩ ኣብ ሰማያት ዝባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን። (ኤፌሶን 1:3).

አቲ ኣምላኽ ዝጽበዮ ክህልወና ዝግብኦ ኣእምሮ ካብቶም ተጸበይቲ ባርኾት ዘይኮነስ፡ ካብቶም ብዘይ ዓቀን ዝተባረኹ እዩ። ከምቲ ፧እተዊ ጥቅስና ዝብሎ ኣብ ሰማያት ዝባረኸና ኣቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ብሩኽ ይኹን (ኤፌ1፡3)፡ ንዓና ጥራይ ዘይኮና አቲ ባርኾት ንሕዞን ነስተማቅሮን፡ ንዓለም ውን ንሕና ባርኾት ኢና።

ኣብ ዘፍ 12:3፡ ኣምላኽ ከምዚ በለ፡ “ንዝባርኽኩም ክባርኾም፡ ንዝረግመካ ድማ ክረግሞ ኢየ። ዓሌታት ኩላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ክባረኹ አዮም።” ክፋል ናይ ውርሻኻ ዘርኢ ኣብራሃም ስለ ዝኾንካ ብኣኻ አዩ፡ ህዝቢ ናይዛ ምድሪ ዝተባረኹ ኢዮም። ክርስትያን ዝተባረኸ ጥራይ ዘይኮነስ ባርኾት ባዕሉ አዩ። ንኣብነት ዮሴፍ ንውሰድ፡ ኣምላኽ ስለዝባረኾ ልዕሊ ኩሎም ኣሕዋቱ ኮነ። ኣሕዋቱ ከም ጊላ ምስ ሸጥዎ ናይ ጎይትኡ ጴጢፋራህ ኣመሓዳሪ ኢዩ ኮይኑ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብፉሉይ ዝጠቅሶ ጴጢፋራህ ንዮሴፍ ኣብ ገዝኡ ተቆጻጻሪ ናይ ኩሉ ንብረቱን ገዝኡን ገበሮ። አዚ ከኣ ጎይታ አዚ ኩሉ ባርኾት ንስለ ዮሴፍ ኢሉ ገበሮ። አቲ ኣብ ናይ ጴጢራህ ገዛን ግራትን ዝነበረ ኩሉ ባርኾት ጎይታ ኢዩ።(ዘፍ 39፡5) ኣዝዩ ኣደናቒ ሓቒ!

ዮሴፍ ብሰንኪ ናይ ሰይቲ ጎይትኡ ሓሶት ጥርጣረት፡ ብዘይ ፍትሒ ናብ ቤት ማአሰርቲ ምስ ተሰደ፡ ኣብኡ ውን ንኻልኦት ይሕግዝ ስለዝነበረ ሸው ንሸው ርእሲ ናይቶም ኩሎም እሱራት ኮነ። ክብኡ ብዝበልጽ ድማ ዮሴፍ ብባርኾት ዝተባረኸ ስለ ዝነበረ ንኹላ ግብጻውያን ካብ ኣዝዩ ብርቱዕ ጥሜትን ድርቀትን ኣድሓኖም።

ዝተባርኸ ሰብ አንተኾንካ አንታይ አዩ ስራሕካ ብዘየገድስ፡ ብልጽግናኻ ርጉጽ አዩ። አቲ ስራሕካ ውን ንኻሎት መንገዲ ባርኾት አዩ።

ኤፈ 4፡28 ምኽንያት ናይ ስራሕ የርእየና፡ “እቲ ዝሰርቀ፡ ነቲ ስኡን ዘማቅሎ ምእንቲ ክህልዎስ፡ ጽቡቕ እናገበረ ድኣ ብእዳው ይጸዓር እምበር፡ ደጊምሲ ኣይስረቕ።” ክትሰርሕ ከለኻ ጽቡቕክትነብርን ብዙሕ እቶት ንክህልወካን ዘዮነስ ንኻልኦት ባርኾት ክትከውን እዩ።

ስራሕካ ንነብስኻ ክትገል ዝተዋህበካ ዕድል እዩ። ነቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ኣንቢርዎ ዘሎ ብሉጽነትን ምልሉእነትን ልትገልጽ እዩ። ካብቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ዕለም ክትጥቀሞ ትኽእል ብዙሕ ነገር ኣሎ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ዝብለጸ ክትከውንን ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ናብ ዓለም ከተዋፍሮን ዘልካ። ዝተደለየ ነገር ደሊኻ ንኽፍጸም ጽዓር።

## ጸሎት

ሂወተይ ንጸጋ ኣምላኽ ኢያ፡ ኣነ ብኡኡ ዝተባረኽኩን ጸጋ ዝመልኣንን እየ። ባርኾቱ ርጉጽን ብኣይ ይሰርሕን እዩ። ኣነ ኣካፋፋሊ ኢየ። ብክብሪ ኣንዳ ነበርኩ ነቲ ኣወንታዊ ጽልዋ ኣብ ዓለም ስለ ዘብዛሕካለይ ኣቦ ተመስገን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 4:21-41

ዘሁልቅ 16-18

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 20:1-12
መዝሙር ዳዊት 31-32

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ዘፍጥረት 12:2; 1 ጴጥሮስ 3:9; 1 ጴጥሮስ 2:9 AMPC

ረቡዕ
# 21



## ሓቂ ንስሓ

አምበኣርሲ ምእንቲ ክትፍወሱ፡ ንሓድሕኹም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ፡ ምእንቲ ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ። ጸሎት ጻድቅ ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ ኢያ። (ያዕቆብ 5:16).

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ንስሓ ክዛረብ ከሎ፡ ብዝሓት ን ሓጥያትካ ምንዛዝ ኢዩ አሎም ይሓስቡ። ንስሓ ግን ካብኡ ንላዕሊ ኢዩ። ንስሓ ማለት ምስ ኣምላኽ ብሓደ ርድየት ምዝራብ ማለት አዩ። ካብ ግሪኽ ቃል ዝመጸ አዩ፡ "homologia" መሰረታዊ ሕጊ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኮይኑ ብድሕነትካ ከም ወዲ ኣምላኽ ይጅምር።

ብዘይ ንስሓ ኣይምደሓንካን ኔርካ፡ ናይ ሓጥያትካ ንስሓ ዘይኮነ ግን ናይ የሱስ ጎይትነት ኣብ ሂወትካ ብምምስካር አዩ። ሮሜ 10፡9-10 ከምዚ ይብል፡ "እቲ ጽሑፍ ብኡኡ ዝኣምን ዘበለ ኣይሓፍርን ይብል አዩ አሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቅ፡ ስለዚ ባኣፍካ የሱስ ጎይታ ምኻኑ አንተ ነገርካ ብልብኻ ውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ አንተ ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ።" አዚ እቲ ሓቂ ንስሓ ናብ ድሕነት ዝወሰደካ አዩ።

ንዝገበርካዮ ጌጋ ትንስሓሉ ግዜ ክርስትያን ምስ ኮንካን ናይ ዘልኣለም ሂወት ምስ ተቀበልካን ጥራይ ኢዩ። ገለ ጌጋ ምስ ትገብር ምስ ጎይታ ትዛረበሉ አሞ ምሕረት ትረክብ። ምስ ኣምላኽ ክትዛረብ ከለኻ ብሓጥያትካ ጥራይ ኣይኮንካን ትናዘዝ፡ ምኽንያቱ ሓጥያትና ንዑኡ ክንሳሕ ኣይኮነን ነጊሩና፡ ምኽንያቱ ይፈልጦ ኢዩ። ን ኣሕዋትካ ወይ ኣሓትካ ጥራይ ኢኻ ዝገገርካዮ ጌጋ ተፈልጥን ትናዘዝን። ኣብቲ መእተዊ ጽሕፍቶና ድማ ንሱ ነንብብ።

ገለ ሰብ ከምዚ አሉ ክሓትት ይኽእል፡ ኣብ 1ዮው 1፡9 ዘሎ ጽሑፍ ድኣ ከመይ አዩ? "ሓጥያትና አንተተናዘዝና፡ ንሓጥያትና ይቅረ ክብለልና፡ ካብ ኩሉ ዓመጻ ውን ኬንጽሃና ኣሙንን ጻድቅን ኢዩ።" ገለ ሰብ አዚ ማለት ኩሉ ግዜ ሓትያት ንገብር ማለት አዩ አሎም ይኣምኑ ይኾኑ፡ ዘየቃርጽ ናይ ሓጥያት ኩነት ይመስሎም። አዚ ግን ሓቂ ኣይኮነን፡ አዚ ማለት ሓጥያትና አንተ እፍለጥና ንሱ ምሕረት ይገብረልና ማለት ኢዩ። 1ዮው 2፡1 ከምዚ

ይብል፡ “ኣቱም ደቀየ ሓጥያት ምእንቲ ከይተብሩ፡ እዚ ይጽሕፈልኩም ኣለኹ። ሓደ እካ ሓጥያት ዝገበረ እንተ ኣሎ፡ ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና፡ ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ጻድቕ፡ እዩ።” ኣብዚ ሕጂ ኣስተውዕል፡ ሓጥያት ዝገበረ እንተ ኣሎ እምበር ሓጥያት ምስ ገበረ ኣይኮነን ዝብል።

ብተወሳኺ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ “ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ስለዘይኮንኩም ሓጢያትኩም ኣይመልከኩምን እዩ እሞ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፡ ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጥያት ኣይትግበርዎ፡ ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበርዎ።” (ሮሜ 6፡14) ሃሌ ሉያ!

## ጸሎት

ዝተባረኽ ኣቦ ስለ እቲ ድሕነተይ ብክርስቶስ ተመስገን፡ ካብ ሓጥያተይ ስለ ዘጽረኻንን ዝመሓርካንን ኣቦ ተመስገን። ኣነ ብ ክርስቶስ የሱስ ናይ ኣምላኽ ጻድቕ ኢየ። ኣብ ኩሉ ቦታ ይነብርን ጽድቂ ኣምላኽ ይገልጽን፡፡ ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ
ብ መደብ:

ማርቆስ 5:1-20

ዘሁልቅ 19-21

ክልተ ዓመት ናይ ን
ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት
20:13-24
መዝሙር ዳዊት 33-34

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ሮሜ 3:24-26; 1 ዮሃንስ 4:14-15

# ምልክታ

ትግርኛ

# ምልክታ

ሓሙስ

22



# ርግጹነት ኣብ መዓልቲ ቅልውላው

ከምቲ ንሱ ዘለዎ ከምኡ ውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት ምእንቲ ክህልወና፡ በዚ እታ ፍቅሪ ኣባና ተፈጸመት። (1 ዮው 4፡17)

ኣብ መእተዊና ክልተ መፍትሒ ቃል ክትዕዘቦም ዝደለኹኻ ኣለዉ። እታ ቀዳመይቲ "ተፈጸመት" ማለት ናይ ሓደ ነገር መወዳእታ እያ። እታ ካልኣይቲ ድማ "ፍርዲ" ፍርዲ ናይ ግሪኽ ቃል ዝመጸ "kiris" ናይ እንግሊዝ ትርጉሙ ድማ "crisis" እዩ። ትርግሙ ድማ ግዜ ሽግር ወይ ሓደጋ ማለት እዩ። ስለዚ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን ኣብ ስራሕካ ወይ ውን ኣብ ገዛኻ ኣብ ትነብረሉ ዓዲ ሽግር ወይ ቅልውላው ምስ ዘጋጥመካ፡ ኣምላኽ ኣብታ መዓልቲ ርጉጽነት ወይ ትብዓት ክህልወካ እዩ ዝደሊ።

ማርቆስ 4 ነዚ ተቀባልነት ይህበና፡ ታሪኽ እቶም ሃዋርያታት ኣብቲ ማእከል ብርቱዕ ማዕበል ከምዝተመቃቀሉ ይነግር። ብፍርሒ ናብ የሱስ ወጨጩ። " ንሱ ኸኣ ብወገን ድሕሪት ኣታ ጃልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ። ኣተንሲኦም ድማ መምህር ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን በልዎ።" ( ማር 4፡ 38)። ኣብዚ ሰዓት ቅልውላውን ሽግርን የሱስ ግን ኣይተሸበረን። ብእምነትን ብርጉጽነትን ነቲ ፈታኒ ኩነታት ኣየር ኣቃረጸ። ማር 4፡38 ከምዚ ይብል፡ "" ንሱ ኸኣ ብወገን ድሕሪት ኣታ ጃልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ። ኣተንሲኦም ድማ መምህር ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን በልዎ።"

የሱስ ድማ ከምዚ በሎም " እምነትኩምሲ ኣበይ ኣላ?" ኣበየናይ ዘሎ እምነት? ኣብ ናይ ኣቦ ፍቅሪዘሎ እምነት! እዚ ርግጽነት ድም የሱስ ነበሮ፡ ዮው 15፡9 ከምዚ ይብል፡ "ከምቲ ኣቦ ኣፍቂሩኒ ዘሎ፡ ኣነ ውን ከምኡ ኣፍቂረኩም ኣለኹ፡ ኣብ ፍቅረይ ጽንዑ።" ፍቅሪ ኣምላኽ እንተተጥቂምካሉ ንዝኾነ ነገር ኣይትፈርሕን እኻ ምኽንያቱ ኣቦ ምሳኻን ኣብ ውሽጥኻን ከም ዘሎ ስለ ትፈልጥ። እዚ ሕብረት ድማ ርጉጽ ይገብረካ። ኣብ ፍቅሩ ነቂሕካ ድማ ትነብር። 1 ዮው 4፡18 ከምዚ ይብል፡ " ፍርሃትሲ ስቃይ እያ እተምጽእ፡

አቲ ዝፈርሀ ከኣ ብፍቅሪ ፍጹም ኣይኮነን፡ ኣታ ፍጽምቲ ፍቅሪ ንፍርሃት ተባርራ ድአ አምበር፡ ኣብቲ ፍቅርስ ፍርሃት የልቦን።”

ኣብ ሂወት ዘጋጠመ የጋጥም ፈራህ ኣይትኹን። ነቲ ማዕበል ኣዝሕሎ። ናይ እምነት ቃል ሃብ፡ ንዝሓመመ ፈውስ፡ ንዝዓወሩ ብርሃን፡ ንዝጸሙም ኣእዛን፡ ንዝሰንከሉ መሓውር! ኣብ ክንዲ እቲ ምርባጽ ሰላም፡ ቅሳነት፡ ህድኣት ኣውጅ። ኣብ መዓልቲ ቅልውላው ርጉእን ርግጸኛን ኩን። ምኽንያቱ ናይ ኣቦ ፍቅሪ ማለት ኩሉ ግዜ ክትዕወት ኢኻ ማለት እዩ።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ በቲ ኣብ ቃልካ ዘለኒ እምነትን ርጉጽነትን ኣባይ ዘሎ ፍቅርኻን ተመስገን፡ ኣብታ ሰዓት ቅልውላው ንፍርሀን ንዘይምእማንን ቦታ ኣይሀብን። ንስኻ ኣብ ውሽጠይ ኩሉ ግዜ ከም ዘለኻ ኣሚነ ዝሓየልኩ እየ። ኣብ ናይ ዘልኣለም ዓወት ይነብር፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢን መሰናኽልን ይነብር። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 5:21-43

ዘሁልቅ 22-23

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 20:25-38

መዝሙር ዳዊት 35-36

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ምሳሌ 24:10; 1 ዮሃንስ 5:4; ሮሜ 8:31-37

ዓርቢ
**23**



# ንመምርሒን ኣንፈትን ኣብ መንፈስ ቅዱስ ተወከል

ንስኻትኩምሲ ነቲ ብኡኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኣልና እንጽወዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቀበልኩም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቀበልኩምን፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ ኢዮም። (ሮሜ 8፡14)

ናይ ሰብ ኣእምሮ እቲ ዝተራቀቀ እንተኾነ፡ ንክርስትያን ርጉጽ መምርሒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብሰንኪ ሕጽረት ርድኢት እቶም ንዓና ዝጠቅሙና ነገር ክንፈልጦም ኣይንኽእልን ኢና። ክሳብ መንፈስ ቅዱስ ወይ ቃል ኣምላኽ ክመርሓና ዘይመረጽና ቅኑዕ ምርጫ ክንወስድ ኣይንኽእልን ኢና።

የሱስ ከምዚ በሎም፡ "እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዝመጽእ ክፍልጠኩም ናብ ኩሉ ሓቂ ውን ክመርሓኩም እዩ።" (ዮው 16፡13)። ኣብ መንፈስ ናንፈትካን መምርሒኻን ምስ ትውከል ኣብ ሂውትካ ፍሉይነት ትረክብ። መንገድኽእ ንዘልኣለም ብርሃን ዝወሓዞ እዩ። ኩሉ ግዜ ኣብቲ ፍጹም ፍቃድ ኣምላኽ ክትጎዓዝ ኢኻ። ብርሃን ሂወት ስለ ዘለካ፡ ሂወትካ ካብ ኩሉ ሽግር ነጻ ኣብ ጉዕዞኻ ድማ ኣብ መንገዲ ዓወት ክትጎዓዝ ኢኻ።

የሱስ ድማ በሎም፡ " ሽዑ የሱስ ኣነ ብርሃን ዓለም ኢየ። እቲ ዝስዕበኒ ብርሃን ሂይወት ክረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይክኸይድን እዩ፡ ኢሉ ከም ብሓድሽ ተዛረቦም።" ኣብ ብርሃኑ ብርሃን ትርኢ፡ ቃሉ ብርሃን ኢዩ፡ መዝ 119፡130 ከምዚ ይብል፡ "ምኽፋት ቃልካ የብርህ፡ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" ቃል ኣምላኽ ናብ መንፈስካ ምንጪ ብርሃን ናብ ሓቅነት ከኣ ብርሃን ከብርህን ይኽእል። በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ቃል ኣብ ሂወትካ ክነብር ተፍቅድ።

ቃልን መንፈስን ሓደ እዮም። ልብኻ ነቲ ቃልን መንፈስ ቅዱስን ምስ ትኸፍቶ፡ ማዕበል ናይ ሂወት ንምራይካ ኣይክኽልክልን እዩ። ኣብ ሂወት

ምዕረ ክንደይ ኢኻ ክትከይድ ትደሊ? ማዕረ ክንደይ ኢኻ ዕዉት ክትከውን ትደሊ? ጎይታ ካብቲ ትሓስቦ ንልዕሊ ክወስደካ ይኽእል ኢዩ። ዕዉት ክትከውን ኽሕግዘካ ከኣ ድስታኡ ኢዩ።

ንከመርሓካ፡ ክሕግዘካን ኣብ ትወስዶ ምርጫ ክመርሓካን ዓድሞ። ኣብ ኢሳያስ 1:19 ከኣ ከምዚ በለ፡ “ሕራይ እንተ በልኩኹምን እንተ ተኣዘዝኩምንሲ፡ ጣዕሚ ኣታ ምድሪ ክትበልዑ ኢኹም።” ኣዚ ናቱ ድሌት ኢዩ። እመኖ፡ ኣብ ዘመንካ ከእ ኣደናቂ ክገብረካ ኢዩ።

## ንስሓ

ዝተባረኽካ መንፈስ ቅዱስ፡ ንዓይሲ ማዕረ ክንደይ ፈቃር ኢኻ! ኣዝዩ ዓቢ ኢካ፡ ከም ጎይታይ፡ መምህረይ፡ ሓጋዝየይን መራሒየይን ከኣ ይፈልጠካ! ናብ ሓቂ ስለዝመራሕካኒ፡ ነቲ ቅኑዕ ምርጫ ክወስድ ስለዝመሃርካኒ፡ ስለ እቲ ዘይልወጥ ፍጹም ፍቃድካ ኣባይን ተመስገን። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 6:1-29

ዘሁልቅ 24

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 21:1-9

መዝሙር ዳዊት 37

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ዮሃንስ 14:16-18; ሮሜ 8:14

ቀዳም

# 24



## ክንዮ ወቀሳ

ንኣኻትኩም ቀደም ፉሉያት ብሓሳብኩም ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩምን ከኣ፡ ካብቲ ዝሰማዕኩሞ ተስፋ ናይቲ ኣብ ትሕቲብሰማይ ንዘሎ ኩሉ ፍጡር አተሰብከ ወንጌል፡ ኣነ ጳውሎስ ዘገልጋሊኡ ከይተናቃነቅኩም ተሰረትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት አንተ ጸናዕኩምንሲ፡ ኣበርን ነቀፋን ዜብሎም ቅዱሳን ገይሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ከቑመኩም ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓረቀኩም። (ቆሎ 1፡21-22).

አዚስ ማዕረ ክንደይ ዘተባብዕን ዝድብስን ኢዩ! ኣምላኽ ቅድሚ ምምስራት ዓለም ቅዱስን ወቀሳ ዘይብሉን ጌሩ ኢዩ ሓርዩካ። ኣብ ህላውነቱ ቁቡል ክትከውን ወሲኑልካ ኢዩ። (ኤፌ 1፡6)። ቀደም ቅድሚ ዕለም ምምስራቱ፡ ኣብ ሓሳቡ ንስኻ ነርካ። ፈሊጥካ፡ ተቀቢሉካን ብፍቅሩ ውን ጠሚቱካ አዩ።

አዚ ብዛዕባ ናትካ ጽቡቅ ስራሕ ኣይኮነን፡ ብንጹር ውጽኢት ናይ ጸጋኡ ኢዩ። ንዑኡ መሪጹካ፡ ፈቲሑ ድማ ጻድቅ ገበረካ። ሕጂ ክንዮ ወቀሳ ኢኻ ዘለኻ፡ ክንዮ ምግዛትን ኢኻ። ኣንጻርካ ፍርዲ የለን፡ ካብ ኩሉ ክሲ ነጻ ኢኻ። “አምበኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።” ብየሱስ ኣብ ክንኻ ስለዝተሰውአ፡ ሓጥያትካን ሳዕቤናቱን ኣብ ልዕሌኻ ምልከት የብሎምን። ንጎይታ ከተገልግልን ንዕኡ ብጽድቅን ቅድስናን ክትነብርን ነጻ ኢኻ።

ገለ ከምዚ ኢሎም ክሓቱኻ ይኽእሉ ኢዮም፡ “ ገለ ጌጋ አንተገበርኩስ ከመይ አለ ሕጂ ውን ጻድቅ; ቅዱስ፡ ኣበር ዘይብሉን ይኸውን? እቲ መልሲ ሕጂ ውን አወ ጻድቅ፡ ቅዱስን ኣበር ዘይብሉን ኢኻ። መጀመርያ ክርስቶስ መድሓኒኻ ምኻኑ ተረዳእ። (1 ቆሮ 1፡30)፡ አዚ ማለት ከኣ ንሱ መናገፊኻ ኢዩ። ብካልእ ኣዘረርባ ንሱ ካብ ኩሉ ሽግር የናግፈካን ንዝገበርካዮም ጌጋታት ድማ ሓላፍነት ይወስድ።

ካልኣይ ድማ ንስኻ ብግብርኻ ኣይኮንካን ጸዲቅካን ተቀዲስካን፡ ኣብ ህላወ ኣምላኽ ስለ ትነብር ኢኻ ጸዲቅካን ተቀዲስካን፡ ናይ ጽድቂ ባህሩ ድማ

ኣለካ። ንጽድቂ ከም ህያብ ኣዩ ሂቡካ፡ (ሮሜ 5፡17)፡ ስለዚ ምስኡ ጠጠው ክትብል መሰል ኣለካ። ብተወሳኺ ጻድቅ ዝገብረካ ባርኾት ኣለካ።

ኣዚ ኣዩ ከኣ ንክንጽሊ መልሲ ክንጽበይን ትብዓትን ጽድቅን ዝህበና። በዚ ምኽንያት ኣዩ ክንዛረብን ነቶም ብኣፍና ዝበልናዮም ክኾኑልና ንጽበ። ምኽንያቱ ኣብ ህላውነቱ ናይ ምስማዕ መሰል ኣለና። ኣብ ህላውነቱ ክነብር ብቁዓት ጌሩና፡ ካብቲ መለኮታዊ ባህሪ ተኻፈልቲን ማሕበር ናይ ኣምላኽነቱን ጌሩና። ኣምላኽ ዝተባረኸ ይኹን!

## ጸሎት

ዝተባረኸ ኣቦ፡ ስለ እቲ ፍቅርኻ፡ ጸጋኻ፡ ትብዓትን ኣብ ህላውነትካ ጠጠው ዘብለኒ መሰልን የመስግነካ ኣለኹ፡ ስለ እቲ ህያብ ጽድቅኻ ኣቦ የመስግነካ ኣለኹ። ኣብ ህላውነትካ ብፍትሒ፡ ቅድስና፡ ክንዮ ወቀሳን ጠጠው ምባለይ ንመንፈሰይ ባህታ ይስምዖ። ምኽንያቱ የሱስ ንሓጥያተይ ሙሉእ መቅጻዕቲ ወሲድዎ። ሕጂ ንዘልኣለም ምስኡ ይነገስን ይመርሕን። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባ ብ መደብ:

ማርቆስ 6:30-56

ዘሁልቅ 25

ክልተ ዓመት ናይ ን ባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 21:10-17

መዝሙር ዳዊት 38-39

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ሮሜ 5:17; ኤፌሶን 1:3-4

ሰንበት

**25**



# ንሱ ክንዮ ኣበሳኻ እዩ ዝጥምት

ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘላኣለም ሕይወት ምእንቲ ክረክብ፡ ከይጥፍእሲ፡ ንወዱ በጀ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። (ዮው 6፡13).

ገለ ገለ ሰባት ኣለዉ ብሰንኪ ዝገበርዎ ጌጋ ኣምላኽ ኮርዩስ ምሕረት ዘይገብረሎም መሲልዎም ንቤተክርስትያን ምኻድ ዘቃርጹ። ከመይ ዓይነት ኣምላኽ ከምዝኾነ አንተዝፈልጡስ ክንደይ ጽቡቅ ኔሩ! ንሱ ፍቅሪ ኢዩ። ሕቅኡ ኣይክህበካን እዩ። ኣዝዩ ስለ ዘፍቅረካስ ብሓጥያትካ ንዓኻ ከይቀጽዕሲ ንወዱ ቀጽዐ። አዚ ኢና ከኣ ኣብ መእተዊ ጥቅስና አልናዮ ዘለና።

ኣምላኽ ሓትያት ይጸልእ እዩ፡ ሓጥያተኛታት ግን የፍቅር እዩ። ነቲ ሓጣያተኛ ካብ ግብሩ ፈልዩ ብዘይውዳእ የፍቅሮ። በዚ ምክንያት እዩ ድማ ክንዩ ናይ ሰብ ጌጋ ዝጥምትን ንዓለም ክትድሕን መታን ብዋጋ ሞት ወዱ ዝኸፈለ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ኣብ ክርስቶስ ኔሩ ይብለና፡ ንዓለም ዓረቃ " ዓለም ሓጥያተኛታት ምስ ርእሱ ዓረቃ " (2 ቆሮ 5፡19) ንሓጥያትካ ኣንጻርካ ኣይሕዞምን ኢዩ።

የሱስ መቕጻዕትን ናይ ሓጥያትካ ሳዕቤናቱን ወስድዎ ኢዩ። ንስለኻ ተፈሪዱ። "ንሱ ግን ብሰሪ ገበንና ቆሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸተከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕና ብስምብራቱ ሓዊና።" (ኢሳ 53፡5)። አዚ ከኣ ክፋል ናይቲ ኣብ ልደት ብሓጎስን ደስታን ነብዕሎ እዩ። ንኣምላኽ በቲ ብ የሱስ ክርስቶስ ዝሃበና ኲሉ ነመስግን። ንሱ ኣዝዩ ኣደናቒ ኢዩ! ብዘይ ብኡኡስ ኣበይ ምሃለና ኔርና? ሂወትናስ ከመይ ምኾነት ኔራ?

ብሓደ ፈቃር ዘይኮነ ኣምላኽ አስከ ሕሰብ! ዝተፈላለዩ ጌጋ ነገራት ወላ ንዛረብን ንፈጽምን፡ ቅጽበታዊ መንጽሂ ይህበና። ኣብ 1ዮው 1፡7 ንሱ ከምዚ ይብል፡ "ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን አንተተማላለስና ግና ንሓድሕድና ሕብረት ኣለና፡ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱ ውን ካብ ኲሉ ሓጥያት የንጽሃና እዩ።" ንመንጽሂና ዝኸውን ዝኾነ ነገር ኣይሓተተናንን፡

ስለዚ በቶም ዘይፍለጡ ሓጥያት ኣብ ሂወትካስ ኣይትሸገር።

ኣብ ታሸዓይ ፍቅዲ ምስ አንርኢ ድማ፡ “ሓጥያትና አንተ ተናዘዝና፡ ንሓጥያትና ይቅረ ክብለልና፡ ካብ ኩሉ ዓመጻ ውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቅን እዩ።” ጋግማይ ዝተወለደ ኮንካ፡ ገለ ጌጋ ምስ ትገብር አሞ ሓጥያትካ ናብ ኣቦ ምስ አትናዘዝ ኣዝዩ ስለ ዘፍቅረካ ምሕረት ክገብረልካን ከንጽሃካን እሙን አዩ። ካብ ሓጥያትካ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ኩሎም ንከይትጸድቅ ዝኽልኩልኻ ነገራት። እዝስ ማዕረ ክንደይ ኣደናቒ እዩ!

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ከምቲ በቲ ንስኻ ንሰባት ትጥምቶ መገዲ ኣነ ከእ ብኡኡ ክጥምቶም ሓግዘኒ፡ ነቲ ጌግኦምን ኣበሮም ገዲፌ ነቲ ኣብኦም ዘሎ ጽቡቅ ክርኢ ሓግዘኒ፡ ነቲ ምልኩዕ ክፋል ክርኢ ሓግዘኒ። ልዕሊ ኣበሳ ክዓቢን ነቲ ናይ ካልኦት ኣበሳ ውን ካብቲ ግምቢ ልበይ ዝፍልፍል ጽላል ፍቅርኻ ክሽፍን ኩሉ ግዜ ሓግዘኒ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 7:1-23

ዘሁልቅ 26-27

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 21:18-26

መዝሙር ዳዊት 40-41

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

2 ቆረንቶስ 5:19-21; ኤርሚያስ 31:3; ሮሜ 5:8-10

ሰኑይ

**26**



# ሓልዮት ናይዛ ሂወት

ግናኸ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ኩላ ዝባን ምድሪ ንዝነብሩ ዘበሉ ከም መፈንጠራ ክትበጽሖም ኢያአሞ፡ ስስዔን ስኽራንን ሓልዮትን ሓዳርን ንልብኹም ከይከብድ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጻኩምሲ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቁ። (ሉቃ 21፡34)

የሱስ ኣብ ማርቆስ ምዕራፍ 4 ዝበሎ ቃል ኣምላኽ ኣብ ሂወት ግለ ሰባት ዝነብር ኣፍራይ ምኻኑ ዘርእየና ምኽንያት ኢዩ። ኣዞም ሰባት በዚ ሓልዮት ናይ ሂወት ኣዝዮም ዝተመሰጡ ኢዮም። "እቶም ኣብ እሾኽ ዝዘርኡ ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቃል ዝሰምዕዎ፡ ሓልዮት እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ካልእ ትምኒትን ኣትዩ ከኣ፡ ነቲ ቃል ይሓንቆ፡ ፍረ ዜብሉ ድማ ይኸውን።" (ማር 4፡18-19)

ክርስትያን ኮይኑ ግን ካብቲ ቃል ኣምላኽ ኣምላኽ ተዛማዲ ፍረ ዘየእቱ ምስ ትረክብ፡ እቲ ምኽንያት ንሱ ወይ ንሳ ነዚ ናይ ሂወት ሂወት ሓልዮት ስለ ዝዓገትዎ ኣዩ። ነቲ ቃል ኣብ ሞንጎ ኣእሻኽ ኮንካ ምቅባል ኢዩ። "እሾኽ" ኣብዚ ን "ሓልዮት ናይዛ ዓለም፡ ጥበራ ናይ ሃብታማትን ናይ ካልኦት ሃነነይታን ኢዩ ዘመልክት።" ኣዞም ነገራት እዚኦም ንቓል ኣምላኽ ኣብ ሂወት ሰባት ሸንኪሮም ዘይውጽኢታዊ ይገብርዎ። ኣዚ ድማ ንብዙሓት ናብ በቲ ብቅዓቶም ኣብ ክርስቶስ ንኸይነብሩ ይገብሮም።

1 ዮው 2፡15 ከምዚ ይብል፡ "ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እካ ንዓለም ኣንተ ፈተዋ፡ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን። ከምቲ መእተዊ ቅዱስ ጽሑፍና ዝብሎ፡ "ግናኸ ኣታ መዓልቲ ኣቲኣ ኣብ ኩላ ምድሪ ንዝነብሩ ዘበሉ ከም መፈንጠራ ክትበጽሖም ኢያእሞ ስስዐን ስኽራንን ሓልዮትን ሓዳርን ንልብኹም ከይከብድ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጻኩምሲ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቁ።" ኣምላኽ ኣድህቦኻን ፍቅርኻን ኣብኡ የድልዮ ኢዩ። ኣቲ ዘላኣለማዊ ቃሉ ድማ ኣብ ገነት ኣምበር ኣብ ምድሪ ዘለዉ ነገራት ኣይኮነን። (ቆሎ 3፡2)። ኩሉ ግዜ ነቲ ቃሉ ኣዝዩ ዝዓሞቀ ሱር

ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ዝተደልየ ውጽኢት ድማ ኣፍራዪ፡ ልብኻ ክትሓዝእን ኣፍራዪ መሬት ክትገብሮን ኣዩ ዝደልየካ።

ኣብ ምሳሌ 23፡26፡ ንሱ ከምዚ በለ፡ "ወደየ ልብኻ ሃበኒ ኣዒንትኻ ብመንገደይ ደስ ይበለን።" ነቶም ናይ ምድሪ ነገራት ክትሃድን ዘይኮነስ ኣብቲ ቃል ከተስተንትን ኣሞ ኣብ ሂወት ጸብለል ክትብል ኢዩ ዝደልየካ። በዚ መንገዲ ኣፍራይን ውጽኢታውን ሂወት ዝህልወካ። "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ ኣብ መንገዲ ሓጢኣን ውን ዘይቀውም ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ ብሕጊ እግዚኣብሄር ድኣ ዝፍሳሕ ነቲ ሕጊ ውን ለይቲን መዓልትን ዝምርምሮ ሰብሲ ብጹእ ኢዩ። ንሱ ከምታ ፍሬኣ በብግዚኡ ኣትህብ ቆጽላ ከኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ኣተተኽለት ኦም ይኸውን፡ ዝገብሮ ኩሉ ውን ይሰልጦ።"

## ጸሎት

ዝተባረኸ ኣቦ፡ ልበይ ኣባኻ ቆይማ ኣላ፡ ከገልግለካ፡ ከፍቅረካ፡ ፍረ ጽድቂ ከፍሪን ኢየ። ኣብዛ ዓለም ካብ ንዓኻ ምፍላጥን ምሳኻ ካብ ምንባርን ንላዕሊ ዘዕግበኒ ነገር የለን። ምጥማተይ ኣባኻ ኢዩ። ክፈጠካን ኣብ ጥበብካ ክኅዓዝን፡ ድሌታትካን ዕላማኻን ኣብ ሂወተይ እንዳ ኣማላእኩ ይኅዓዝ። ብስም የሱስ፡ ኣሜን።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 7:24-8:1-13

ዘሌዋውያን 1-2

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 21:27-39

መዝሙር ዳዊት 42-43

### ተወሳኺ መጽናዕቲ:

ማርቆስ 4:14-20

ሰሉስ

27



# ባርኾት ናይ ምሃብ

ምድሪ ክሳዕ ዘላ፡ ዘርእን ዓጺድን፡ ዛሕልን ዋዕን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ መዓልትን ለይትን ኣየቃርጽን እዩ በለ። (ዘፍጥረት 8:22 GNB).

ሓደ ካብቲ ዓቢ መሰረታዊ ሕጊ ኣብ ቃል ኣምላኽ ምውሳኽ ፋይናንስ ኣብ ስርዓት ምሃብ ኢዩ። ኣዝዮም ብዙሓት ህዉኻት ኣይከኑን፡ ንክቅበሉ ውን ከምኡ። እቲ ዝተኣተወ መብጽዓ ናይ ባርኾት ኖቲ ዝቕበል ዘይኮነስ ነቲ ዝህብ እዩ። የሱስ ድማ ከምዚ በሎም፡ "ነቲ ጎይታና የሱስ ባዕሉ፡ ካብ ምቕባልሲ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ፡ ዝበሎ ቃል እናዘርካ፡ ከምዚ ጊርካ፡ ምዕያይን ንድኹማት ምእላይን ከም ዝግባእ፡ ንኹሉ ኣርኤኩኹም።" (ዘፍ 20፥35)

ካልኣይ ቆሮ 9፥8 ንጹር መብርሂ ብዝዕባ ባርኾት ነቲ ዝህብ የርእየና፡ "ከምቲ እቲ ጽሑፍ፡ ዘረወ ንድኻታት ሃበ፡ ጽድቁ ንዘልኣለም ይነብር፡ ዚብሎ፡ ኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ብኹሉ ኩሉ ሳዕ ዝከኣል ኩሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ፡ ጸጋ ዘበለ ኣባኻትኩም ጸብለል ኪብል ይከኣሎ እዩ።" እቲ ቅድሚኡ ዘሎ ጥቅሲ ከኣ ከምዚ ይብል፡ "ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ ኢዩ ዝፈቱ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ብጋሂ ወይስ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ ከምቲ ብልቢ ዝሕልኖ ይሃብ፡"

ኣዚ ሕጂ ብዛዕባ ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን፡ የሱስ "ሃብ!" ኣምበር፡ "ገንዘብ ሃብ" ኣይበለን። እቲ ኣብ ሂወትካ ትደልዮ ዘሎ ጽቡቅ ነገር፡ ኣብ ሂወት ካልኦት ዝርኣዮ ኣሞ ኣብ ሂወትካ ክራባሕ እዩ። ነዚ ቃሉ ድማ ዘክር፡ "ኣምበኣርሲ ኦሪትን ነብያትን እዚ እዩ እሞ፡ ከምቲ ሰብ ክገብረልኩም ኣትደልይዎ ዘበለ ኩሉ ንስኻትኩምውን ከምኡ ግበርሎም።" (ማቴ 7፥12)

ምሃብካ ካልእ ነገር ዝገብሮ እንተ ኣሎ ድማ ናይ ጽድቅኻ ፍረ ይዕቢ። "ግናኸ እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዝኸውን እንጌራ ዝዕድል፡ ንሱ ዘርእኹም ክዕድለኩምን ከበርክተልኩምን፡ ንፍረ ጽድቅኹምውን ከብቁሎን ኢዩ።"። እቲ ንስኻ ብምሃብካስ እቲ ካብ ጎይታ ዝግበረልካ እንተ

ትፈልጥሲ ክንደይ ጽቡቅ ኔሩ! ካብ አቲ ዘሸግረካ ነገር ምስ ናይ ኣምላኽ መንፈስ የራኽበካ፡ ንሎሚ ጥራይ ዘይኮነስ ንጽባሕን ንዘልኣለምን ዝኸውን ውጽኢት ይህበካ።

ኣብ ዝኾነ ግዜ ናይ ምሃብ ዕድል ኣለካ፡ ነዚ ድማ ተሃወኽሉ። ሂወትና ከም ክርስትያን ንባህሪ ናይ ሰማያዊ ኣቦ ከንጸባርቅ ኣለዎ፡ ነቲ ብሉጽ ወዱ ንድሕነትና ዝሃበና። (ዮው 3፡16)።

## ንስሓ

ክቡር ኣቦ፡ ብኩሉ ነገር ስለዝባረኽካኒን ንዓለም ውን ባሮኾት ስለዝገበርካኒ ተመስገን፡ ንክህብ ዕድል ስለዝተዋህበኒ ፡ ምሒር ከም ዝተባርኽኩ ይእውጅ ኣለኹ። ከምቲ ኣብ ቃልካ ዝበልካዮ፡ ዝህብ ካብ ዝቅበል ብብዝሒ ዝተባረኸ አዩ። ሃሌ ሉያ!

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 8:14-26

ዘሌዋውያን 3-4

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 21:40-22:1-10

መዝሙር ዳዊት 44-45

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

2 ቆረንቶስ 8:9; 2 ቆረንቶስ 9:7

ረቡዕ

28



# ምራኣይ ኣይተቃርጽ

አቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት ኣጸቢቑ ዝጥምትን ዘጽንዕን፡ ግብሪ ዝገብርን እምበር፡ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብገርሁ ብጹእ ክኸውን እዩ። (ያቆ 1፡25)

ቃል ኣምላኽ መስትያት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ "ንሕና ኹላትና ግና ብቅሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጎይታ ከም ብመስትያት ጌርና እናጠምትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጎይታ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልውጥ።" (2ቆሮ 3፡18)። ናብ መስትያት ኣምላኽ ክንርኢ ከለና፡ ንነፍስና ኢና ንርኢ፡ ጸጋ ኣምላኽ ንርኢ። እቲ ባህርያዊ መስትያት ናይ ምድሪ ምስሊ ኢዩ ዘንጸባርቕ፡ ናይ ኣምላኽ መስትያት፡ ቃሉ ግን ምን ምኻንካን ኣምላኽ ብኸመይ ይርእየካ ልክዕ ምስሊ ኢዩ ዘርእየካ።

በቲ ናብ መስትያን ኣምላኽ ትጥምተሉ መጠን ኣኢኻ ለውጢ ናይቲ ትርእዮ ትኸውን። ስለዚ ምርኣይ ኣይተቃርጽ ለውጢ ክትርኢ ኢኻ፡ ሂወትካ ኣዝዩ ብሉጽ ይኸውን። ኣዒንትኻ አንተ ከዊልካየን ግን ዘይተረጋግአ ሂወት ኢካ ትነብር፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ዘይቅኑዕ ነገር ኢካ ትርኢ ዘለካ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ "አቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት ኣጸበኢቑ ዝጥምትን ዝጸንዕን ግብሪ ዝገብር እምበር ዘይርስዕ ሰማዒ አምበር አዚ ብግብሩ ብጽእ ክኸውን ኢዩ።" (ያቆ 1፡25)

ያቆብ 1፡22 ድማ ከምዚ ይብል" ገበርቲ ቃል ኩኑ፡ ርእስኹም አንዳ ጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።" ነቲ ቃል ተተግብሮ አንተ ኮንካ፡ መስትያት ናይ ኣምላኽ ክትርኢ ከለኻ መን ምኻንካ ኣይትርስዕን ኢኻ። ነቲ ቃል ዘየተግብሮ ግን ናይ መንንነት ቅልውላው ኣለዎ።

አቶም ዘጋጥሙኻ መሰናኽላት ብዘይየገድስ ነቲ ዝመጸካ ሽግር ኣብቲ ቃል ተወከል። ነቲ አቲ ቃል ብዛዕባኻ ዝብሎ ኩሉ ግዜ ዘክር። ልዕሊ አቲ ዝወረካ ኢኻ።አቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ካብቲ ኣብቲ ዓለም ዘሎ ዝዓበየ ኢዩ። አዚ ንቅሓት ዓቅቦ።

## ጸሎት

ክቡር ኣቦ፡ ቃልካ ካብ ጸጋ ናብ ጸጋ ስለ ዝለውጠኒ የመስግነካ ኣለኹ። ኣብ ውሽጠይን ኣብ ኣእምሮይን ስለዘስረጽካዮ የመስግነካ ኣለኹ። ኣነ ናይቲ ቃል ሰማዒ ጥራይ ዘይኮነስ ኣተግባሪ ናይቲ ቃል ኢየ። ስለዚ ብብዝሒ ዝተባረኽኩ ኢየ። ኣብ ልዕሊ ሕማም፡ ሰይጣን፡ ሽግርን ሰጊረ ይነብር ኣለኹ።

ሓደ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ማርቆስ 8:27-38, 9:1-13

ዘሌዋውያን 5-6

ክልተ ዓመት ናይ ንባብ መደብ:

ግብሪ ሃዋርያት 22:11-30

መዝሙር ዳዊት 46-49

## ተወሳኺ መጽናዕቲ:

መዝሙር ዳዊት 19:7; 2 ቆረንቶስ 3:18; እብራውያን 12:2

# ምልክታ

# ምልክታ

## ጸሎት ምድሓን

በዚ መዓልታዊ ንባብ ጸሎት ተባሪኽካ ከም እትኸዉን ንኣምን፣ ከምዚ ዝስዕብ ኢልካ ብምጽላይ እምበኣር ንየሱስ ክርስቶስ ናይ ህይወት ጐይታኻ ክትገብሮ ንዕድመካ፣ ዎ ጐይታ! ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ መጽኤ ኣለኹ፣ ቃልካ....ስም እግዚኣብሄር ዚጽዉዕ ዘበለ ኹሉ ኺድሕን እዩ፣" (ይብል ግ.ሃዋርያት 2፡21). ጐይታ ህይወተይ ክትከዉን ይሱስ ሎሚ ናብ ልበይ ይጽውዓካ ኣለኹ፣ ከምቲ ኣብ ሮሜ 10፡9 ዝብሎ ዘለኣለማዊ ህይወት ናብ መንፈሰይ ይቕበል። "እቲ ጽሑፍ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሓፍርን። ይብል እዩ እሞ። ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ። ብኣፉ ተኣሚኑዉን ይድሕን ኣዩ፣ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተነገርካ ልብኻዉን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ፣" ከም ዝደሓንኩ እእዉጅ! እንደገና ተወሊደ'የ! ዉሉድ ኣምላኽ'የ! የሱስ ኣባይ ሓዲሩ ኣሎ። ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባይ ዘሎ ይዓቢ! 1ዮሃ 4፡4፣ ሕጂ ብኣተሓሳስባ ሓዳስ ህይወት ብየሱስ ክርስቶስ እጐዓዝ፣

*እንቋዕ ሓጐሰካ! ሕጂ ዉሉድ ኣምላኽ ኢኻ፣ ከም ክርስትያን ከመይ ትዓቢ ብዙሕ ሓበሬታ እንተደሊኻ ካብዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ዝቐርበካ ኣድራሻ ተራኸቦም፣*


**UNITED KINGDOM:**
+44 (0)1708 556 604

**NIGERIA:**
+234 812 340 6547
+234 812 340 6791

**CANADA:**
+1-647-341-9091
+1-416-746 5080

**SOUTH AFRICA:**
+27 11 326 0971
+27 62 068 2821

**USA:**
+1 (0) 980-219-5150
+1-281-759-5111
+1-281-759-6218

# ABOUT THE AUTHOR

Pastor Chris Oyakhilome, the President of Believers' LoveWorld Inc., a dynamic, multifaceted, global ministry, is the author of Rhapsody of Realities, the world's #1 daily devotional, and more than 30 other books. He's a dedicated minister of God's Word whose message has brought the reality of the divine life to the hearts of many.

Millions have been affected by his television broadcast, "Atmosphere For Miracles," which brings God's divine presence right into people's homes. The scope of his television ministry extends throughout the world with LoveWorld satellite television networks delivering qualitative Christian programming to a global audience.

At the world-renowned Healing School, he manifests the healing works of Jesus Christ and has helped many receive healing through the operation of the gifts of the Spirit.

Pastor Chris has a passion to reach the peoples of the world with God's presence—a divine commission he's fulfilled for more than 30 years through various outreaches, crusades, as well as several other platforms that have helped millions experience a victorious and purposeful life in God's Word.

LWPL LoveWorld Publishing

# ምልክታ

ትግርኛ

# ምልክታ

# ምልክታ

## ምልክታ

ቱራጅማ

# ምልክታ

ትግርኛ

# ምልክታ

ምልክታ

# ምልክታ

ምልክታ

# ምልክታ

# ምልክታ